# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.230 | ረቡዕ 27 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3



ገጽ 4

ጽንብል በዓል ናጽነት ኣብ ኮማዊ ዳሳት ን/ዞ ኣኽርያ



ገጽ 6

ምልክታ

ገጽ 10

ጽንብል በዓል ናጽነት ኣብ ሚ/ሕርሻ



ገጽ 11



ኢራኦላ፡ ቀልቢ ዓበይቲ ክለባት ዝስሕብ ዘሎ ኣሰልጣኒ


## መራሕቲ ሃገራትን ውድባትን ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም

መራሕቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኢጣልያን ብራዚልን፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረሽ፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ኢጣልያ ሰርጆ ማታሬላን ፕረዚደንት ፌደረሽን ብራዚል ሉላ ዳ ሲልቫን ኣብ መልእኽቶም፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ጥዑናን ኣሳልጦ ስራሕን፣ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ሰላምን ብልጽግናን ድሕሪ ምምናይ፡ ምስ ኤርትራ ክልተኣዊ ዝምድናታት ንምምዕባልን ንምዕማቑን ዘለዎም ቅሩብነት ኣረጋጊጾም።

ፕረዚደንት ረፓብሊክ ኢጣልያ ሰርጆ ማታሬላ ወሲኹ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢጣልያን ዘሎ ዘተን ምትሕግጋዝን፡ ንክልተኣዊ ረብሓታት ከምኡ'ውን ንሰላም፡ ልምዓትን ርግኣትን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዘገልግልን ብዘደንፍዕን መዳይ እናዓመቑ ክቕጽል ዘለዎ ተስፋ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ መራሕቲ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳንን ሊብያን፡ ብምኽንያት ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ኣቦ-መንበር ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃ ማሕሙድ ዓሊ ዩሱፍ፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ሳልቫ ኪር ማያርዲት፡ ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ሃገረ ሊብያ ዶ/ር መሓመድ ዩኑስ ኣልመንፊ ኣብ መልእኽቶም፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕናን ናይ ስራሕ ኣሳልጦን፣ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ራህዋን ብልጽግናን ብምምናይ፡ ክልተኣዊ ዝምድናታት ንምድንፋዕ ከምዘሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ኣቦ-መንበር ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃ ማሕሙድ ዓሊ ዩሱፍ ኣብ መልእኽቱ፡ እዛ ዕዙዝቲ ዕለት፡ ንጽንዓት፡ ቈራጽነትን ባህግን ህዝቢ ኤርትራ ንልኡላውነት፡ ሰላምን ልምዓትን እተንጸባርቕ ምዃና ብምጥቃስ፡ ሓባራዊ ሸቶታት ሰላም፡ ዞባዊ ርግኣትን ውህደትን፡ ከምኡ'ውን ዘላቒ ልምዓት ንምስማር፡ ሕብረት ኣፍሪቃ ምስ ኤርትራ ብቐረባ ንምስራሕ ዘለዎ መብጽዓ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ሳልቫ ኪር ማያርዲት ብወገኑ፡ ብመስዋእትን ጽንዓትን ዝተረጋገጸ ናጽነት፡ ኣብ ታሪኻዊ ጉዕዞ ህዝቢ ኤርትራ ኣገዳሲ ምዕራፍ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ እዚ ክብሪታት'ዚ መሰረት ልኡላውነትን ርእሰ-ምርኮሳን ኰይኑ ከምዝቕጽል ጽኑዕ እምነት ከምዘለዎ ሓቢሩ።



## ዝኽሪ መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተጸንቢሉ

ብኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን ዝተወደበ ጽንብል መበል 35 መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ብ22 ግንቦት ኣብ ቀጽሪ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሕብረት ኣፍሪቃ ብምዕሩግ ኣገባብ ተጸንቢሉ።

ኣብ'ቲ ብዝኽሪ ሰማእታትን ሃገራዊ መዝሙርን ዝተጀመረ መደብ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን ኣቶ ቢንያም በርሀ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንሰላሳ ዓመታት ንዝቐጸለ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዕወት መፈጸምታ ናጽነት ዘብጽሐ፣ ከምኡ'ውን ድሕሪ ናጽነት ንዘሰዓበ ተጻብኦታት ንምምካት ዘኽኣለ - ጽንዓት ምዃኑ ብምግላጽ፡ ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ኣብ ዝወሰደ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቃልሲ ዝተቐሰመ ተመኩሮ እንተሃልዩ፡ መንገዲ-ዓወት - ይጥዓም ይሕሰም ኣብ ቀጻልነት ናይ ጽንዓትን ጻዕርን ከምዝምርኰስ ኣረዲኡ።

ኣቶ ቢንያም ኣስዒቡ፡ መንግስቲ ኤርትራ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ኣብ ዝሓለፈ 35 ዓመታት ናጽነት ዝኾየዶ ጻዕርን ወፍሪን ዝስጋሱን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ኤርትራ ዘለዋ ርቡሕ ጸጋታት ኣብ ረብሓ ህዝቢ ክውዕል ምእንቲ፡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት፡ ዕደና፡ ሃብቲ ባሕርን ምስናዕን ወፍሪ ይግበር ከምዘሎ ገሊጹ።

ምኽትል ኣቦ-መንበር ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃ ኣምባሳደር ሰልማ ማሊካ ሓዳዲ ብወገና፡ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ 'ዮሃና' ድሕሪ ምባል፡ እቲ ኣጋጣሚ ንናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ ምጽንባል ጥራይ ዘይኮነ፡ ባህጊ ሰላም፡ ክብርን ምዕባለን ዝንጸባረቐሉ ኣጋጣሚ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ብፍሉይ ጽንዓት፡ መስዋእትነትን ተበጃውነትን ዝልለ ታሪኽ ቃልሲ ኤርትራ፡ ምስ ህልዊ ቃልሲ ኤርትራ ኣንጻር ድኽነትን ምስጓም ቁጠባዊ ምዕባለን ኪም ዝሳነ ሓቢራ።

እቲ ጽንብል፡ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ዝመደበርም ኣምባሳደራትን መራሕቲ ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን ብዝተኻፈልዎ ሓባራዊ ምቝራስ "ሕብስቲ ናጽነት"፡ ከምኡ'ውን እንግዶትን ምዝንጋዕን ዝተሰነየ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ዕዙዝ ተሳትፎ ማሕበረሰብ ዲፕሎማሲ፡ ሓለፍቲ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን ከምዝነበረ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።



**መእረምታ**

ኣብ ናይ ትማሊ 26 ግንቦት ሕታም፣ ኣብ ገጽ 10፡ ዓምዲ ሪፖርታጅ፣ "ጽንብል በዓል ናጽነት ኣብ ዞባ ዓንሰባ" ኣብ ዝብል ኣርእስቲ፡ "ኣቶ ሰራጅ ሓጅ" ተባሂሉ ቀሪቡ ዘሎ ስእሊ፡ "ኰለኔል ኩብሮም ንርኣዮ" ብዝብል ክትካእ ምስናይ ይቕሬታ ንሓትት።

## ዜና

# ጋሽ-ባርካ - ምውዳድ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ጽቡቕ ገስጋስ ኣመዝጊቡ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ካብ ጸባሕ ናጽነት ዝጀመረ ማሰርሒ ምውዳድ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ጽቡቕ ገስጋስ ብምምዝጋቡ፡ ዝበዝሑ ነበርቲ ተጠቀምቲ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ክኾኑ ከምዝበቕዑ ተገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፍረ-ኣዝጊ ኩብ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብዘርግሐሉ ድሩት ብዓይነቱን ቁጽሩን ድማ ድኹምን ውሑድን ዝነበረ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምስፋሕን ንምምዕባልን ብደረጃ መንግስቲ ብዕቱብ ሳላ ዝተሰርሐ፡ ቁጽሪ ትካላት ጥዕና 139፡ ቁጽሪ ትካላት ትምህርቲ ድማ 739 ብምብጻሑ፡ ርሑብ ዕድላት ከምእተረጋገጸ ኣረዲኡ።

ቀረብ ጸዓት ንምምላእ፡ መንግስቲ ከተግብሮም ወጢኑ ዘሎ መደባት ኣብ መፈጸምታ ምስ በጽሐ፡ ኣብ ሕርሻውን ዘቤታውን ጠለብ ጸዓት ዘሎ ሕጽረት ፍታሕ ክረክብ ትጽቢት ከምዝገበር ዝጠቐሰ ኣቶ ፍረ-ኣዝጊ፡ ኣብ ጸዓት መጓዓዝያን መራኸቢታትን ኣተባብዒ ዕማም ተሰላሲሉ ከምዘሎን ኣማራጺታት ከምዝተሰፍሐን ብምግላጽ፡ ህዝቢ ዝኸደሎ ኣብ ምምላእን ቀጻልነት ዝተዋደደ ትካላት ኣብ ምውሓስን ዕዙዝ ኣበርክቶ ይገብር ምህላዉ ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር ያሲን መሓመድ ብወገኑ፡ ኣብ ፈለማ እዋን ናጽነት ኣብ መላእ'ቲ ዞባ 57 ናይ መባእታን 3 ናይ ማእከላይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ጥራይ ከምዝነበራ ብምዝካር፡ ድሕሪ ናጽነት ብዝተገበረ ጻዕሪ ቀጽሪ ትካላት ትምህርቲ ካብ 60 ናብ 739 ክብ ክበል ከሎ፡ 12,700 ዝነበረ ቁጽሪ ተመሃሮ ድማ ናብ ልዕሊ 233 ሽሕ ከምዝበረኸ ኣጸፊሩ።



ግዚያዊ ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ዶ/ር ወልዱ የውሃንስ ድማ፡ ኣብ መጀመርያ ናጽነት 2 ሆስፒታላት፡ 8 ማእከላት ጥዕናን 15 መደበራት ጥዕናን ዝነበረ ቁጽሪ ትካላት ጥዕና፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ቁጽሪ ሆስፒታላት ናብ 4፡ ማእከላት ጥዕና ናብ 16፡ መደበራት ጥዕና ድማ ናብ 64 ብምዕባዩ፡ ሽፋኑ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ብዝተዓጻጸፈ ከምዝሰፍሐን ዜጋታት ኣብ ቀረባኦም ዝተማልአ ኣገልግሎት ክረኽቡ ከምዝበቕዑን ገሊጹ።

# ሳዋ - በዓል ናጽነት ብልዑል ድምቀት ተጸንቢሉ



ስእሊ. ሙሴ ኪዳን

መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ብ23 ግንቦት ኣብ ሳዋ ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት ብልዑል ድምቀት ተጸንቢሉ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ "ሳዋ ቅርዓት ኩሉ ዜጋ" ብዝብል ጭርሖ ብኣባላት 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝተዳለወ ብሉጽ ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ከምኡ'ውን ኑቲ ዕለት ዘንጸባርቕ ጣዕመ-ዜማታት፡ ትልሂታት፡ ግጥምታት፡ ድራማን ካልእ ስነ-ጥበባዊ ዕዮን ቀሪቡ።

ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደበሳይ ግደ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ዓመት መጸ በዓል ናጽነትና ክንብዕል ከለና፡ ሕድሪ ናይ'ቶም ምእንቲ'ዛ ሃገር ዝተበጀዉ ጀጋኑ ተቐቢልና ሙብጽዓና እነሐድሰሉ ኣጋጣሚ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ሃገርና ናጽነታን ልኡላውነታን ተኸቢሩ ንኽትነብር፡ ካብ ዝኾነ ተጻባኢ ክንከላኸላ፡ ክነልምዓን ክንሃንጻን ክንጽዕር ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ኮሎኔል ደበሳይ ኣብ መወዳእታ፡ መንእሰያት ተረኪቦቲ ሕድሪ ሰማእታት ስለዝኾኑ፡ ናጽነት ንምምጻእን ንምዕቃብን ንዝተረኣየ ተኣምር ኣብ ኩሉ መዳያት ንምድጋም፡ እዛ ዕለት እተሰከሞም ሓደራ ከቢድ ስለዝኾነ፡ ብልዑል ንቕሓት ብዋዕሪ ክሰርሑሉ ኣዘኻኺሩ።

# መንገዲ ኣየር ባድር፡ ካብን ናብን ኣስመራ በረራ ፈሊሙ

መንገዲ ኣየር ባድር ብ23 ግንቦት ካብን ናብን ኣስመራ ሓድሽ መስመር በረራ ጀሚሩ።

ኣብ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ዋና ዳይረክተር ብዓል-መዚ ሲቪል ኣቬሽን ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ካሕሳይ፡ ዋና ዳይረክተር ሲቪል ኣቬሽን ሱዳን ኣሰይድ ኣቡበከር ኦ'ሰዲቕ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሱዳን ኣቶ ዒሳ ኣሕመድ ዒሳ፡ ኣምባሳደር ሪፓብሊክ ሱዳን ኣብ ኤርትራ ኣሰይድ ኡሳማ ኣሕመድ፡ ከምኡ'ውን ወኪል መንገዲ ኣየር ባድር ኣሰይድ ጣርቕ ኣሕመድ ተረኺቦም ነይሮም።

ዋና ዳይረክተር ብዓል-መዚ ሲቪል ኣቬሽን ኤርትራ ኣቶ ጳውሎስ ካሕሳይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምጅማር በኾርን ስሩዕን ንግዳዊ በረራ መንገዲ ኣየር ባድር ካብን ናብን ፖርት-ሱዳንን ኣስመራን ክጽዕኡ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዘጸንሐ ኣገልግሎታት ካልኦት መንገድታት ኣየር፡ ብውሑዱ ኑቶም ናብ ሃገራት ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ንዘጉዓዙ ተወሳኺ ኣማራጺ ከምዝኾነውን ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ኣምባሳደር ሪፓብሊክ ሱዳን ኣብ ኤርትራ፡ ዋና ዳይረክተር ሲቪል ኣቬሽን ሱዳንን ወኪል መንገዲ ኣየር ባድርን ብወገኖም፡ ምጅማር ናይ'ቲ መስመር፡ ሕውነታዊ ርክባትን ምትእስሳርን ህዝብታት ሱዳንን ኤርትራን ንምዕዛዝ ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊጾም።

እዚ ሓድሽ መስመር በረራ መንገዲ ኣየር ባድር፡ ኣብ ሰሙን 7 መዓልታት ካብን ናብን ኤርትራን ሃገራት ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ኣገልግሎት ክህብ ምዃኑ ተፈሊጡ'ሎ።

መንገዲ ኣየር ባድር ኣብ 2004 ዝተመስረተ ብሕታዊ ሱዳናዊ ኩባንያ መጓዓዝያ ኣየር'ዩ።



ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቓድር

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም   ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ   ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ጽንዓትና ዋሕስና!

## ጽምብል ባዓል ናጽነት ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ











ዲዛይን-ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ-ዓወት ሃይለ

ሪፖርታዥ

# ጽንብል በዓል ናጽነት ኣብ ኮማዊ ዳሳት ን/ዞ ኣንሰባ



ሸዊት ተኽለ

ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም'ቲ ዓመት መጸ ጸምብል ናጽነቱ ንምድማቕ ዙሪዩዶ ምሹብሻባት፡ ሎሚ ዓመት'ውን መበል 35 ዓመት ናጽነቱ ንምጽንባል ቡብከብኡን ምምሕዳሩን ተወዲቡ ህዝባዊ ዳሳት ተኺሉ፡ ብውዕውዕ ሃገራዊ መንፈስ እዩ ኣዛ ርእሲ ኩለን በዓላትና ዝኾነት ዕለት ክጸምብላ ቀንዩ።

"ጽንዓትና ዋሕስና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ክጽንበል ዝቖጸን ዘሎን መዓልቲ ናጽነትና፡ ኤርትራ ኣብ ትሰፍሖ መድረኽ ልምዓትን ምዕባለን ኣብ ዘለወትሉ እዋን ደብዓል ብምህላዉ ፍሉይ ይገብሮ።

እዛ ዕለት'ዚኣ፡ ሕድሪ ናይ'ቶም ብደሞምን ረሃጾምን ናጽነት ዘምጽኡ ጀጋኑና ኣጸኒዕና ንዘበለጸ ራህዋን ብልጽግናን እጅና ሰብሲብና ክንሰርሕ ቃል እንኣትወላ ዕለት እያ። እዚ ናጽነቱ ብደሙን ድምጹን ዘረጋገጸ ህዝቢ ድማ፡ ከም ሓደ ሰድራ ኮይኑ ሃገራዊ ውራያቱ ንኸጸብቕ ክዕጠቕ እንክትርኢ፡



ወ/ሮ ሰናይት ክፍለ



ኣቶ ጀማል ሓምደ

እንቋዕ ኤርትራዊ ኮንኩ ዘብል እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ትርጉም ናጽነት ብዝዋጋእ ዝርዳእን ሕልፊ ካልኦት ድማ ንናጽነቱ ዘስተማቕራን ህዝቢ እዩ። ምኽንያቱ ውሑዳት መዳርግቲ ጥራሕ ዘለውዎ ሰውራ ኣበጊሱ ብቐልጽሙ ማሰል ርእሰ ውሳኔኡ ስለ ዘረጋገጸ።

ሃገራውያን በዓላትና ንሓድነትናን ጥምረትናን ዘሽልዑ ባህልናን ክብርታትናን ድማ ናብ መንእሰያትን ህጻናትን ዘሰጋግሩን ኣጋጣሚታት ከም ምኳኖም መጠን ብልዑል ሃገራዊ ወኒ እዮም ዝኽበሩ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሃገራዊ በዓላትና ድማ ህዝቢ ብዘይምኖት፡ ብዘርን ቋንቋን ከይተፈላለየ ኣብ ሓደ ቅርዓት ክየሰል ምርኣይ፡ ኣብ ካልኦት ህዝቢታት ዘየጋጥም ደብል ዘብል ሃገራዊ ባህሊ እዩ።

እምብኣርከስ፡ ንጥፈታት ጸምብል ኮማዊ ዳሳት ንምዕዛብ፡ ብ23 ግንቦት ኣብ ን/ዞባ ኣንሰባ ተዛዊርና ነይርና። ከርቲ ን/ዞባ ኣንሰባ ምስ ዘለዎም ብዝሒ ተቀማጦ፡ ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ናጽነት በብምምሕዳር ከባብኦም 5 ህዝባውያን ዳሳት ብምትካል እዮም ጸንቢሎሞ። ናብ ሓንቲ ካብ ምምሕዳር ከባቢ ን/ዞባ ኣንሰባ ዝኾነት ምህራም ጭራ ተንቀሳቒስና፡ ምስ ተሳተፍቲ ናይቲ ጸንብል ዘዐደናዮ ዕላል ከኣ ናጥሱም ኑብሉ፡ ሰናይ ንባብ፦

ከርቲ ምህራም ጭራ፡ ኣብ'ቲ ሃገርገር ዝብል ብዘተፈላለየ ጭርሖታትን ጥንፊራን ዝደመቐ ዳሶም፡ ብዘተፈላለየ ባህላዊ መሰናድኣታት ተሰንዮም እዮም ጸንቢሎም ኣብ ምኪያድ ጺኒሖምና።

ኣካያዲ ስራሕ ኮማዊ ዳስ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ መሓመድኑር መሓመድ ኣብ ዘሰመዖ መኽፈቲ ቃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓሊፉ ካልኦት ህዝቢታት ምረት መግዛእቲ ዘረኣዩ፡ ናጽነት ንምድላይ ነዊሕን ጽንኩርን ጉዕዞ ብጽንዓት ዝሰገረን ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ዝኸፈለን ምኳኑ ብምዝኽኻር፡ ሕጂ'ውን ሃገሩ ሰላማን ርግኣታን ዝያዳ ንምውሓስን ልምዓታዊ ኲናት ንምቅልጣፍን ኻና ዘውፈ ዘሎ ህዝቢ ከም ዝኾነ ኣረዲኡ።

ፈለማ ዘዕለልናያ፡ ምስ'ቲ ህዝቢ ሽሻይ ናጽነት ክትቋደስን ኣብ ምውህሃድ ናይቲ መደብ ድማ ብንጥፈት ክትሳተፍን ዝጸንሓትና ወ/ሮ ሸምሱ መሓመድ እያ። ንሳ፡ ከርቲ ናይቲ ከባቢ ነቲ በዓል ንምድማቕ ከኪይድዎ ብዘዕባ ዝቖጽዎ ምድላዋት ክትገልጽ እንከላ፡ ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ዝኣክል ክሽበሸቡ ከም ዝቖጹን፡ መጉብን ማስተን ብምድላው ድማ ጽንብል ናጽነቶም የኽብሩ ከም ዘለዉን ኣብሪሃ። ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ናጽነት ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ነዊሕ ዓመታት ተጻብኦታት መኪቱ፡ ሰላሙ ኣብ ዘረጋገጸሉ ዓመት ይጽንበል ብምህላዉ ፍሉይነት ከም ዘለዎ ኣረዲኣ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ህዝባዊ ምትእኽኻብት፡ ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ መለሱ ከም ዘሐይሎ ዝገለጸት ወ/ሮ ሸምሱ፡ ታሪኽናን ክብርታትናን ተዓቂቡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንኽሰጋገሩ ድማ ዓቢ እጃም ከም ዘለዎ ሓቢራ። "ናጽነት ትንፋስ'ያ" ክትብል ንትርጉም ናጽነት ዘጸረት ወ/ሮ ሸምሱ መሓመድ፡ "ኣብ ምምጻእ ናጽነት ይኹን ኣብ ምውሓስ ልኡላውነት ህይወት ኣሽሓት ደቂ'ዛ ሃገር ስለ እተኸፍለ፡ መዓልቲ ናጽነትና ሕድሪ ሰማእታትና ኣብ ምዕቃብን ምሕብሓብን መብጽዓና እነሐድሰላ ዕለት እያ" ክትብል ተረድኣ። ወ/ሮ ሸምሱ ኣብ መወዳእታ፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ ጸላእትና ንኸምብርኽኹና ኩሉ ዓይነት ፈተነታት ከካይዱ ከም ዝኽእሉ ብምግላጽ፡ ኣብ ውሽጢን ኣብ ደገን ዘሎ ህዝቢ ሓድነቱ ኣይልዳሉ መኸተኡ ክቕጽሎ ኣዘኻኺራ።

ኣብ'ቲ ጽንብል ዝተረኽበ ኑባሪ ናይ'ቲ ከባቢ ዝኾነ ኣቶ ጀማል ሓምደ ብወገኑ፡ ቅንያት ናጽነት ብፍስሃ መንፈስ ይጽንበል ከም ዘሎ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ህዝቢ ናይ'ቲ ከባቢ ነቲ በዓል ንምድማቕ ብቕንያቱ ዝርኣዮ ተበግሶን ተወፋይነትን መጒሱ። ቀጺሉ ድማ፡ መዓልቲ ናጽነትና፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም ህዝቢ ክኸብርን መሰላቱ ክሕሎን ዝጀመረት መዓልቲ ከም ምኳና መጠን ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ፍሉይ ቦታ ከም ዘለዋ ገሊጹ። "ናጽነት ኤርትራ፡ ብረዚን መስዋእትን ከቢድ ሰንክልናን ዝተረጋገጸት ደኣ'ምበር፡ ብትኳቦ ዝመጸት ኣይኮነትን። ኣሰር ናይ'ቲ ብቓላት ክግለጽ ዘይክእል መስዋእቲ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊት ሰድራ ኣሎ" ብምባል፡ ኣብ'ዛ ዕለት ዘለዎ ጦብላሕታ ይገልጽ። ድሕሪ ናጽነት'ውን እንተኾነ ንኤርትራ ንምምብርካኽ ኩሉ ዓይነት ተጻብኦታት ከም እተፈተነ ብምምልካት ድማ፡ ህዝቢን መንግስቲን ናይዛ ሃገር ሳላ ጺናዖም ዝመከቱ ግና፡ ሎሚ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ተበጺሑ ከም ዘሎ ሓቢሩ። "ንደና ጸልማት ቀንጢጦም ኩለን ብሄራትና ኣብ መኣዲ ሰላም ከቢበን ብፍቕርን ስኒትን ንኽነብራ ዘበቅዑ ሰማእታትና ክብሪ ይኹኖም" ብምባል ከኣ ርእይቶኡ ይድምድም።

ቀጺልና ዘዘራረብናያ ወ/ሮ ሰናይት ክፍለ እያ። ንሳ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ርሑስ በዓል ናጽነት ክኾነሉ ድሕሪ ምምናይ፡ ኣብ ኮማዊ ዳሳት ዝቖጽር ጸምብላት ክንጹ ምዝንጋዕ ዝኸይድ ረዚን መልእኽቲ ከም ዝሓቀፉ፡ ኤርትራ ናጽነታ ንምርካብ ንዝሓለፈቶ ናይ 30 ዓመታት ጽንኩር ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘዘኻኽር ምኳኑን ኣገንዚባ፡



ወ/ሮ ሸምሱ መሓመድ

ፍረኡ ድማ፡ እዚ ሎሚ ነስተማቕሮ ዘለና ብዋጋ ዘይትመን ሰላምን ጸጥታን ምኳኑ ሓቢራ። ብፍላይ፡ ህጻናት ነቲ በዓል ዓመት መጸ ብዝንቀውታ ከም ዝጸበይዎ ዝጠቐሰት ወ/ሮ ሰናይት፡ ብባህሊን ስነ ምግባርን ተኾስኲሶም እንተ ደኣ ዓብዮም፡ ኩርዓት ህዝቦምን ሃገሮምን ከም ዝኾኑ ኣሰሚራትሉ። በዚ ድማ፡ ኣብ ውሽጢን ደገን ዝቕመጡ፡ ናብ ቀልዑን መንእሰያትን ዝቐንዐ ኣብ ምትሕልላፍን ምሕብሓብን ኤርትራዊ ክብርታት ዘተኮረ ንጥፈታት ዝያዳ ክሕይል ኣተሓሳሲባ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ታ ዕለት ኣብ ን/ዞባ ኣሻውል - ምምሕዳር ከባቢ ሓደሽ ዓዲ ዝቖደ ዝበረ ጽንብል ንምክትታል ናብ'ቲ ኮማዊ ዳስ ኣብ ዘምርሓናሉ፡ ኣብ'ቲ ጽንብል ዘለዎም ተሞኩሮ ንኸገልጹ ዝተወከስናዮም ቀሺ. ጎይትኦም ተሰፋይ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግዜ ሓይሉ ተመርኲሱ ኣንጻር ሓያላን መኪቱ ዘምጽኦ ናጽነት፡ ዓመት ዓመት ኑቲ መዓልቲ ዝበቕዕ ዝተፈላለየ መሰናድኣታትን ሸሻይን ብምቕራብ ከም ዝጽንብሎ ኣረዲኦም። "ሰማእታትና፡ ሕፍርቲን ክብርቲን ሃገር እዮም ኣረኪቦምና። ኤርትራ ደሴት ሰላም ኮይና ክትቅጽል ድማ፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ሓላፍነት እዩ" ክብሉ'ውን ኣዘኻኺሮም። "እዚ ንኣትዎ ዘለና መድረኽ፡ ህንጻት ሃገር ዝቖደሉን ልምዓታዊ መደባት ዝሰላሰሉን እዩ። ንምዕዋቱ ድማ ልዑል ፍናንን ጻዕርን ከድልየና እዩ" ዝበሉ ቀሺ. ጎይትኦም፡ "ህዝቢ ኤርትራ፡ ብቖጽሪ ውሑድ ክንሱ፡ ንዘጋጥሞ ተጻብኦታት በዓሀን መኪቱን ክዕወት ዝኸኣለ፡ ኣብኡ ጽንዓትን ሓድነትን ዝኾነ ህዝቢ እዩ። ኣብ ዝትልሞምን ዝሕንጸጾምን መደባት ልምዓት ድማ ኺጋስ እዩ፡ " ብምባል'ውን ንመላእ ኣብ ውሽጢን ደገን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ልምዓትን ምክልኻል ሃገርን ተሰለፎም ንዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ርሑስ ቅንያት ናጽነት ተመንዮም።

ሓንቲ ካብ'ቶም ኣብ ምድማቕ ናይዚ ዕለት ብወኒ ክትሳተፍ ዝተዓዘብናያ መንእሰይ ዊንታ ምናሴ ድማ፡ ትርጉም መዓልቲ ናጽነት ክትገልጸልና ምስ ተወከስናያ፡ መዓልቲ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ንሓሳኡ፡ ንፍቕሩ፡ ንስራሑ፡ ንመኸተ ወትሩ ደሊው ምኳኑ እተረጋገጸ መዓልቲ ከም ዝኾነት ኣረዲኣ። እዛ ካብ ጀጋኑ ኣቦታትናን ኣደታትን ዝተረከብናያ ናጽነት ዓቂብና ናብ መጻኢ ወለዶ ከተረክብ፡ ሕድሪ ዘየድልዮ ግዴታ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ከም ዝኾነ ድማ ኣዘኻኺራ። ኮማዊ ዳሳት ንሓድነትን ጥምረትን ህዝቢ ኤርትራ ዘኹልሕ ስለ ዝኾነ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምኳኑ'ውን ኣረዲኣ። ከም መቐጸልታ ናይ'ዚ ከኣ፡ ኩሉ ተቐማጢ ናይዛ ምምሕዳር ብሓደ ልቢ፡ ብሓደ ህርመት፡ ብሓደ ስምዒት፡ ኮታስ ብዘይ ኣፈላላይ ሓቢሩ የብዕላ ብምህላዉ፡ መዓልቲ ናጽነትና ካብ ካልኦት በዓላትና ዝተፈልየት ከም ዝገብራ ወሲኻ ገሊጻ።

ኣብ ቅንያት ናጽነት፡ ኣብ ከተማታት ይኹን ገጠራት፡ ዞባታት ይኹን ምምሕዳራት፡ ትካላት ኮነ መዓስከራት ሃገርና መዓልቲ ናጽነትና ብምዕሩግ ኣገባብ ንምጽንባል ኮማዊ ዳሳት ይትከል እዩ። ካብ መደባት ጽንብል ናጽነት ሓደ ዝኾነ ኮማዊ ዳሳት፡ ህዝቢ በብከባቢኡ ተጠርኒፉ፡ ብፍቕርን ስኒትን ዓሲሉ፡ እኽለ ማይ ቀሪቡ ክጻወትን ክዘናጋዕን እዩ ዘሕልፎ።

ንሕና ኤርትራውያን፡ ዓመት ዓመት ኑቲ ብረዚን መስዋእቲ ዝረኸብናዮ ናጽነትና ብዝተፈላለየ መደባት ክንጽምብሎ ጺኒሕና ኣለና። ናይ ሎሚ መበል 35 ዓመት ናጽነትና ድማ፡ ዓሚቝ ትርጉም ብዘሓዘለ ቴማን ልዑል ሃገራዊ ወንን ክንጽንብሎ ቀሪና ኣለና።



ቀሺ. ጎይትኦም ተሰፋይ



መንእሰይ ዊንታ ምናሴ

ናጽነትና፡ ዝያዳ ሓላፍነታውያን ክንኸውን ከም ዘለና እዩ ዘዘኻኽረና። ኣዛ ህያብ ስውኣትና ዝኾነት ሃገር ንምምዕባላን ምሕላዋን ዘገድድ ሓላፍነት! ስለ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ መንእሰያት፡ ንባህሊን ክብርታትን ህዝቢ ብዝበርዝ ዓውለማውነት ከይተጠቕዑ ሕድሪ ሰማእታትና ከተግብር ይግባእ።

ናጽነት ማለት መቑሕ መግዛእቲ ብምስባር፡ ካብ ፍርሒን ሸቑረራን ናጻ ኮይንካ ምንባር ማለት እዩ። ደም ኣሽሓት ጀጋኑና ዝፈሰሰላ መዓልቲ ናጽነትና፡ ክብርቲ ዕለት እያ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን እዋን ሓድነቱ ዘይትንከፍ ህዝቢ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናጽነት ብፍቕርን ስኒትን ክነብር ዝገበረት ዕለት! በዚ ድማ እዩ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ከይበቕቐ፡ ሕድሩ ኣጽኒዑ ዓመት መጸ ብዝበለጸ ኣገባብ ዝጽንብላ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ. ኪዳ ተስፋይ ተድላ; ተኸሰስቲ 1.ኣቶ ህንጻ ተስፋይ ተድላ 2. ወ/ሮ ኤልሳ ተስፋይ ተድላ 3. ኣቶ ጴጥሮስ ተስፋይ ተድላ 4. ኣልጋሽ ተስፋይ ተድላ፣ ንምቕሊ. ወርሲ. ዝምልከት ክሲ. ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ን03/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ብፍ/ሰብ/ዕዳ ቁጽሪ 1. ኣቤል ሰለሙን 2. ፊሸን ሰለሙን 3. እየሩሳሌም ሰለሙን 4. ካርበል ሰለሙን 5. ኀይትኦም ሰለሙን፣ ናይ ፈጻሚ ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን17/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቶ ሓጎስ ልጃለም ተስፋሚካኤል ገብረያሱስ ምባል ተረፉ፣ ሓጎስ ልጃለም ተስፋሚካኣኤል ገብረክርስቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ሂወት ግርማይ ኪዳ፥ ብፍ/ብ/ዕዳ ኣቶ ሸሻይ ተስፋይ በራኺ፥ ናይ ፈጻሚ ክርክር ስለ ዘለኩም፡ ብፍ/ብ/ዕ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ መርሃዊት ፍስሃጼን ተስፋገርግስ፥ ብዓል ቤተይ ተወልደ ክፍላይ ኣብርሃ ስለዝዘተሰውኡ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓዳስ ተወልደ ብርሃ፥ ብዓል ቤተይ ተኸለሃይማኖት ሰለበ ስለዝዘተሰውኡ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 9 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሮማ ርእሶም ሮምሃ፥ ወደይ ክፍላይ ዑቕባዝጊ. ሓጎስ ስለዝዋረረ፥ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጸገ ኣስፍሃ ገብረያሱስ ምባል ተረፉ፣ ጸገ ኣጽብሃ ገብረያሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ወልደኣብሳዲ. የውሃንስ፥ ኣቦይ ወልደኣብሳዲ. የውሃንስ ስለዝዋረረ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ውዳስ ወልደሩፋኤል ጉብረማርያም፥ ብዓል ቤተይ ኢልያስ ኣስፍሃ ገዛዘጡ ስለዝዘተሰውኡ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቤቴልሄም የውሃንስ ጉብረብርሃን ምባል ተረፉ፣ ተማ/ቤትኤል የውሃንስ ጉብረብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሳዑዳ ሳልሕ ሙሳ ምባል ተረፉ፣ ጀምዓ ሳልሕ ሙሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ገለብ

እድሪስ መሐመድ ሰዒድ ኢብራሂም፥ ኣደይ ፋጥና ዓብዱ እድሪስ ምባል ተረፉ፣ ፋጥና ዐመር ጣህር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሊብየ (ሸናሽ) የማን ምባል ተረፉ፣ ሄለን የማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ. ኣቶ ተወልደ ሰንጋል፥ ወኪል ተስፋልደት መንግስቱ፥ ተኸሰስቲ 1. ኣቶ ሓምድ እሶማኤል 2. መሓመድ ሓጅ፣ ኣብ ልዕሌኹም ናይ ሲቪል ክሲ. ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## ምልክታ ጨረታ

ማ/ሃ/ኣ/ተኸዜን፥ ዓመታዊ ውዕል ሰርቪስን ጸገናን ፎቶ ኮፒ ፕሪንተርን ኮምፒዩተራትን ዝጽግኑ ክኢላታት ከውዳድር ስለ ዝደለየ፥ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡
ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት
1. ተጫረትቲ ዋጋታት ናይ ኣብ ላዕሊ. ዝተጠቕሰ ዓይነት ጸገና ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕደም፡፡
2. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፥ ቅዳሕ ታሲራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2025 የቕርቡ፡፡
3. ተጫረትቲ፥ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ገንዘብ ናቕፋ 50.00 ብምኽፋል ካብ ማ/ቤ/ጽ/ማ/ህ/ኣ/ተኸዜን (ራዳር) ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
4. መኽበሪ ጨረታ ሓደ ሽሕ 1000 ናቕፋ ብሲ.ፒ.ኦ (CPO) የትሕዙ፡፡
5. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ 10 (ንዓሰርተ) ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፥ ንጽባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋውያን ወኪሎቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ሳንዱቕ ጨረታ ይኽፈት፡፡
6. ጨረታ፥ ብመምርሒ. ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዘዞ መሰረት ይካየድ፡፡
7. ማ/ሃ/ኣ/ተኸዜን ዝሓሸ ኣማራጺ. እንተረኺቡ፥ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰል ዝተሓለወ እዩ፡፡

ቤ/ጽ/ምም/ማዝ/ኣ/ተኸዜን

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ የርዳኖስ እስቅያስ ተሰማን ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ዮዲት ተወልደ ካሕሳይን ኣብ ዝበረ. ናይ ገንዘብ ክርክር፥ ብፍ/በ/ዕዳ ዝተወሰነሉን ገንዘብ ክኸፍላ ፍቓደኛ ስለዘይኮና፥ 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ከባቢ. ዕዳጋ እኽሊ. ንብረት ብፍ/በ/ዕዳ ዝኾነት መኪና ተሸይጣ መኽፈሊ. ዕዳ ክትከውን ኣዚዙ፡፡ በዚ. መሰረት፥ እዚ. ብቁ/ሰሌዳ ER-3-A-2024 ቁ/ቻሲ. 682N3032920 ሰርሓት ጣልያን ዝኾነት ምሉእ ባትሎሚራ ሕብርን ምሕዳሽን ዘድልያ፥ ኣብ ደሓን ኩነታት ዝርከብ ጎማታት ዘለዋ፥ ፍኒስትራ (ቬትሮ) የማንን ጸጋምን ሰበር ዝኾኑትን ምሉእ ሰርቪስ ዘድልያን ናይ ህዝቢ. መጎዓዝያት ኣውቶብስ ብክኢላ መጠነሲ. ዋጋ 400,000 (ኣርባዕተ ሚእቲ ሽሕ) ተገሚታ ስለ ዘላ፥ ኣብ'ቲ ዝግበር ሕራጅ ክሳተፍ ዝደለ፥ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ (05) መዓልታት ጀሚሩ፥ ናይ'ቲ ክወዓደረሉ ዝረቖሖ መጠን ገንዘብ ኣብ ሳንዱቕ ብዘተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፋጻሚ ድርዲ. ቁ/62 ኣብ ዝተዓለወ ዕጹው ሳንዱቕ ኣታዊ ይገብር፡፡ ብዘውሳኺ፥ ኣብ ዕለት ሓራጅ፡ ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት 1/4 ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ እንተዘይኣቕረበ ሓራጅ ኣየቋርጽን፡፡
ዕለት ሓራጅ፦ 01/07/2026
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝበን መጋባእያ ቁ/27
ተወሳኺ. ሓበሬታ፥ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 መጺኡ ክውከስ ይኽእል፡፡ ከምኡ'ውን ንብረት ክርኢ. ዝደለ. ኣብ ከባቢ. ባር ቶሪኖ ጋራጅ ሓሰን ከይዱ ክዕዘብ ይኽእል እዩ፡፡

ፈጻሚት ፍርዲ
ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

## ምስጋና




ብዕረፍቲ ኣዝዩ ዝፈትዋ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ረዘት ግደይ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፥ ኣብ በለዛ ዘቃበርኩምናን ካብ ወሸጥን ወጻእን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ብዓል ቤታ ክብሮም ገ/የውሃንስ
ምስ ደቀይን ምሉኣት ስድራቤትን

## ምስጋና





ብዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ኣቶ ፎቶ ሃ/ማርያም፥ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፥ ሪሳ ኣብ ምልኣኽን ምቕባልን ዝተሓበርኩምና፥ ኣብ ዓዲ. ተኸሊዛን ዘቃበርኩምና፥ ጉና ብምምልላስን ካብ ወሸጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና፡፡

ብዓልቲ ቤቱ ሰሚዪሽ ጉብራይ
ምስ ደቆምን ምሉኣት ቤተሰብን

ብዕረፍቲ ኣዚና ነኽብራ ኣዴና ኣሾሉ ደብረጼን ብዓልቲ ቤቶም ን/ሐር ሰመረ ሃ/ማርያም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፥ ኣብ ዓዲ. ተኸሊዛን ዘቃበርኩምና፥ ጉና ብምምልላስን ካብ ወሸጥን ወጻኢ.ን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና፡፡

ደቃንን ምሉኣት ቤተሰብን

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ሓማሴን ቁ/ገዛ 09 ብ/ቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00028775; ናይ መሸጥን ማሰፊይን ሽፎን (ባህላዊ ክዳን) ትካለይ፥ ን/ወ/ሮ ኣበባ ዘራጽዮን ብኢዱ፥ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ተመናይ፥ ጎደና ዳብ፥ ቁ/ገዛ 87፣ ብዕለት 08/09/2025 ቁ/መዝ 369/2025 ብውህቡቶ ስለዝሃብክዎ፥ ብስም ወዛቢ. ዕዳ ኣሲ. ወይ ይግባኣኒ. እዩ ዝበል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፥ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወህቡቶ ተረካቢ. ከምዝመሓለለፍ ነፍልጥ፡፡

ሳራ ኣብርሃም ተስፋማርያም
ሕጋዊ ወኪል ኣብርሃም ተስፋማርያም

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/ነ/ርዚ.ና ዘራጽዮን ወ/ሪት ሳራ ሃብተየሱስን ኣቶ ፍጹም ተስፋይን ዝተፈጥረ ናይ ወርሲ. ክርክር፥ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከባቢ. ማይተመናይ ጎደና 156-26 ዝርከብ ዋንነት ነፍ/ርዚ.ና ዘራጽዮን ዝኾነ ህንጻ፥ ብዘለዎ ኩነታት መጠነሲ. ዋጋ 129.896.00 ናቕፋ ኣብ 121.80 ት/ሜ ዝተደኮነ ተራ ገዛ ኮይኑ፥ ክልተ ቀንዲ. ክፍልታትትን ሰለስተ ሓገዝቲ ክፍልታትን ኣብ ሓራጅ ተሸይጡ ወረስቲ በበጽሒቶም ክወስዱ ቤት ፍርዲ ስለዝኣዘዘ፥ ኣብ'ዚ. ሓራጅ ክሳተፍ ዝደለ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ብምቕራብ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 05 ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዓለወ ሳጹን ናይ'ቲ መወዳደሪ ዝረቖሖ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ጽሒፉ ብዕሹግ ሰታሪት የእቱ፡፡ ኣብ ዕለት ሓራጅ፡ ኣብ ዝቐረበ ግምት ዋጋ 1/4 (ሓደ ርብዒ) ዝሓዘ ብስሙ ቁ/ተጠራቓሚ ሕሳብ ወይ ብስም ፈ/ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡
ዕለት ሓራጅ፦ 30/06/2026
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ቅ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝበን መጋባእያ ቁ/27
ተወሳኺ. ሓበሬታ ዝደለ፥ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/64 ክውከስ ይኽእል፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ እንተዘይኣምጺኡ፥ ሓራጅ ደው ኣይብልን እዩ፡፡

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: Underground Electrician**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Harena Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Carry out electrical maintenance, repair, and installation work on power plant.

**Main Functions**

- Carry out planned electrical repair and maintenance on the power plant
- Observe established safety regulations and procedures during work.
- Ensure that tools/equipment used for electrical installations is kept in appropriate places after operations.
- Compile check lists/work sheets and submit to supervisor.
- Health, Safety and Environment and Additional Duties

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Carry out planned electrical repairs and maintenance on power plant**

- Ensure optimum availability of the plant equipment.

**Observe established safety regulations and procedures during work.**

- Prevent injury to personnel and safeguard company property.

**Ensure that tools/equipment used for electrical installations is kept in appropriate places after operations.**

- Examines electrical installations and determines faults and state of repair required including the parts and materials required for repair work.

**Compile check lists/work sheets and submit to supervisor.**

- Show work progress/delays for attention/action.

**Health, Safety and Environment.**

- Drive the health, safety and environment standards/policy awareness and practice in the Department to ensure compliance.
- Facilitate Stop Look Assess and Manage (SLAM), Visible Felt Leadership (VFL), Planned Task Observation (PTO), training.

**Additional Duties.**

- Adhering to all other assignments that are given that are lawful and fair

**Unique requirements/other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Craft Certificate in Electrical<br>• First Aid Certificate<br>• Valid driving license | • 5 years' experience<br>• Knowledge of diesel power plant operations.<br>• International experience is desirable particularly in Africa. |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Computer Literacy (MS Office, Intermediate, Excel)<br>• Plan, organize, and execution<br>• Risk management and assessment.<br>• Analytical and Problem solving.<br>• Technical Report writing | • Good oral and written communication skills and Teamwork.<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment.<br>• Ability to conduct Engineering matters to various levels.<br>• Ability to work under pressure and achieve project milestones.<br>• Self-starter, Drive and enthusiasm.<br>• Developmental orientated, Passion for accuracy and perfection in delivery.<br>• Good leadership skills<br>• Safety oriented. |

2. **Position: Artisan Plant Fitter**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Harena Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To inspect, maintain and repair plant equipment (machinery) in underground, effectively, efficiently, and safely.
- Responsible for diagnosing, repair and rebuild underground plant, pumps, and other machineries. Can dissemble and assemble equipment to OEM standard.

**Main Functions**

- Equipment availability, Reports & prevent injury to self/others and safeguard company property, Preventive Maintenance and Health, Safety and Environment.
- Additional Duties

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Equipment availability**

- Ensure optimum plant/equipment availability; Perform maintenance activities per work order and ensure proper reporting/recording of defects for action
- Follow plan maintenance schedule
- Prepare list of consumables and parts required by the section.

**Reports.**

- Reports progress of work to his supervisors
- Complete all work order and report to maintenance planner for recording
- Conduct inspection and report of equipment conditions.

**Prevent injury to self/others and safeguard company property.**

- Ensure strict adherence to statutory and domestic regulations particularly those relating to safe working practices
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed.
- Identifies any hazards in the workplace.

**Preventive Maintenance**

- Keep equipment and prolong service life
- Ensure of good housekeeping
- Ensure follow up generation of corrective work orders are raised from the conducted plant maintenance (PM) programs i.e., for every 6 PMs done 1 follow up work order
- Diagnosis & repairs faults on equipment & machinery during production/operation.
- Analysis & solve mechanical problems.

**Health, Safety and Environment.**

- Drive the health, safety and environment standards/policy awareness and practice in the Department to ensure compliance.
- Facilitate SLAM, VFL, PTO, training.
- Report all hazards and corrective action taken
- Be visible leader in safety performance.

**Additional Duties.**

- Adhering to all other assignments that are given that are lawful and fair.

**Unique requirements/other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Fitter Trade or Craft Certificate in Plant fitting or equivalent<br>• First Aid Certificate<br>• Technical school or college | • 10 years' experience<br>• Knowledge of underground plant.<br>• Experience in zinc or other base metal mining is essential.<br>• International experience is desirable particularly in Africa. |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Computer Literacy- MS Office – Intermediate, Excel –<br>• Plan, organize, and execution.<br>• Risk management and assessment.<br>• Analytical and Problem solving.<br>• Technical Report writing<br>• High level accuracy<br>• Attention to details | • Good oral and written communication skills and Teamwork.<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment.<br>• Ability to conduct Engineering matters to various levels.<br>• Ability to work under pressure and achieve project milestones.<br>• Self-starter, Drive, and enthusiasm.<br>• Developmental orientated, Passion for accuracy and perfection in delivery.<br>• Good leadership skills<br>• Specialized organizational skills of evaluation, planning and scheduling. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**

ሪፖርታዥ

# ኮማዊ ዳሳት ንኡሳን ዞባታት ፓራዲዞን ማይተመናይን

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሰ
ስእሊ፡ ሄኖክ ተኽለገርግሽ

ኒታ ንዊሕ ዓመታት ዘተቓለስናላን ክቡር ማስዋእቲ ዝኸፈልናላን ናጽነት፡ መቐረታ ኣብ እስተማቕሮ ደሮ ሰላሳን ሓሙሽተን ዓመት ኣኺሉ ኣሎ። ኣብ'ዚ ውሽጢ ዝሓለፈ ሰላሳን ሓሙሽተን ናይ ናጽነት ዓመት ዘስተማቕርናዮ ሰላም ድማ ብሳላ ጽንዓትናዩ። ቀጺልና፡ ብ22 ግንቦት ኣብ ኮማዊ ዳሳት ፓራዳዞን ማይተመናይን ተረኺብና ዘዘራረብናዮም ክቡራት ንናጽነት ዝገለጹ ጦብላሕታኦምን ሓጎሶምን ዝምልከት'ዩ ክኸውን - ሰናይ ምንባብ፦

ፈለማ ዘዘራረብናያ ወ/ሮ ለምለም በየነ'ያ። ንስምዒት ሓጎሳ ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ትገልጾ፡ "ኣነ ነባሪት ምምሕዳር ከባቢ መካነ ገነት ንኡስ ዞባ ፓራዳዞ እየ። ኣብ ናይ ለሚ ዓመት መዓልቲ ናጽነትና ኾኡ ምስ ደቅና


ወ/ሮ ለምለም ደብሳይ


ኣቶ ብንያም ገብረእግዚኣብሄር

ምስ ኣሕዋትና ምስ ሰብኡትና ኮታስ ዓብይትና ንኣሽቱና ብጥምረት ከም ሓንቲ ስድራ ብድምቀት ብሕጉስ መንፈስ ኢና ኣብዚ ትርእዩዎ ዘለኹም ኮማዊ ዳስ ኑብዕሎ ዘለና።


መም/ ሓመድ ዓሊ ግንጃር


ኮማዊ ዳስ መካነ ገነት

ናጽነትና ኣብ ናይ ካልኦት ሃገራት ዝተፈልየት'ያ። ምኽንያቱ ብደም፡ ብናይ ነዊሕ ቃልሲ ዝመጸት፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊት ስድራቤት ድማ ዝበለጹ ጀጋኑ ዝተኸፍላ ስለ ዝኾነት።

ናይ ለሚ ዓመት በዓል ናጽነት "ጽንዓትና ዋሕስና"፡ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ እዩ ዝበዓል ዘሎ፣ ብልክዕ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ዝውክል ቴማ እዩ። ነዚ ክቡር በዓል ብመልክዕ ስፖርት ካርኒቫል ክንጽንበሎ ቀኒና። ብዓብኡ ድማ ለሚ እቲ ዝዓበየ ዳስና ተኸልና ነብዕሎ ኣለና። ኩሉ ዓቢ ምስ ንእሽቶ ከኣ ብውዕወዕ መንፈስ ይሳተፍ ኣሎ። ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ መወዳድርቲ የብሉን። ምስጢር ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጽንዓትን ጥምረትን እዩ ዘሎ። ዕጥቂ ኣይነበሮ፡ ስንቂ ኣይነበሮ፡ ኣብ ጸላእቱ እናመንዘዐ እዩ ተዓዊቱ። ሳላ ዝጸናዕና ሳላ ሓደ ልቢ እንነውንን ኩሉ ነገር ፈሺሉ ተሪፉ። ናጽነት ዋጋ ደም ዋጋ ህይወት እያ። ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ እንቋዕ ሓጎሰና! ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ከምኡ'ውን ኑቲ መወዳድርቲ ዘይብሉ ህዝቢናን ሰራዊትናን ርሑስ በዓል እብል።"

ቀጺልና ዘዘራረብናዮ መም/ ሐመድ ዓሊ ግንጃር እዩ። ብኸምዚ ዝስዕብ ከኣ ንበዓል ናጽነት ይገልጾ፡ "ለሚ ኣዝዩ ምቁር ኣዝዩ ደስ ዝብል በዓል'ዩ ዘሎ። ኣባል ኮሚተ ብምኳን'የ ኣብ'ዚ ኮማዊ ዳስ ምምሕዳር ከባቢ መካነ ገነት ንኡስ ዞባ ፓራዳዞ ተሳቲፈ። ነዚ ኮማዊ ዳስ ክዉን ንምግባር ከኣ ልዕሊ ወርሒ ኣቢሉ ወሲዱ። ኣብ'ቲ ኮማዊ ዳስ ውቁቡ ዘሎ ዝተፈላለየ ቴማታትን መግለጺታትን ምስ ምዕሩግ ሽልማቱ ጥቡብ ዝሓትት እዩ። በዓል ናጽነት ሓጎስ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዝኾነ ኩሉ እዩ ብወለንታኡ ዝሳተፍ። ከም ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓለም የለን። ንናጽነትና ፍልይቲ ዝገብራ ብሓያል ጽንዓትን ንጹር መትከልን ዝመጸኣትን ዝተዓቀበትን ምዃና'ያ። ዋላ ኣብ'ቲ ቡዳዊ ህሞት፡ ህዝቢ ኤርትራ ጽንዓት'ዩ ሕላገቱ፣ ሳላ ዝኾነ ከኣ እንህለ ሃገር ኣውሒሱ። ቴማ ናይ ለሚ ዓመት "ጽንዓትና ዋሕስና" ብልክዕ ንመንነት ህዝቢ ኤርትራ እትገልጽ እያ። ሕጂ ከኣ ኤርትራ ናይ'ቲ በኛኣ ዝሓለፈን ተጋኢ ወለዶን እያ። ስለ'ዚ ከም'ቲ እቶም ጀጋኑ ኣሕዋትና ክቡርቲ ህይወቶም ከፊሎም ናጽነት ዘምጽኡ፡ ንሕና'ውን ኑቲ ተጋኢ ወለዶ ባይታ ከነጣጥሓሉ ኣለና። ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢን ኣብ ደገን ዝነብር የቐና ርሑስ በዓል ናጽነት እብል።" ክብል ሓቢሩ።

ወ/ሮ ስዕዲ መሓመድ እስማዒል'ውን ንስምዒት በዓል ናጽነት ብኸምዚ ቃላት ገይራ'ያ ትገልጾ፡ "ቅንያት ናጽነት ኣዝዩ ጽቡቕ ኣሎ። ናጽነት ከኣ ንዓይ ደስታይ ሓጎሰይ ኮታስ ኩሉ ነገረይ'ዩ። ኣብ ስደት እየ ዝነብር ነይረ፡ ከም'ዚ ኢለ ኣብ ዓደይ ብናጽነት ክነብር ምኽኣለይ ዝሰማዓኒ ሓጎስ ወሰን የብሉን። ነዚ ኮማዊ ዳስ እዚ ከኣ ምስ ደቅና፡ ኣሕዋትና፡ ሰብኡትና ተደሲትና ተሓጊስና ክንውዕል ኢና ገይርናዮ። ኣብዚ ኮማዊ ዳስ፡ ብደቅና ዝቐርቡ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት፡ ኣዝዩም ደስ ዝብሉን ንመዓልቲ ናጽነትና ብልክዕ ዝገልጹን ብምኳኖም፡ ነዚ በዓል ድምቀት ወሲኾምሉ እዮም ዘለዉ። ኑቶም ኣብ ደገ ዝነብሩ ዘለዉ ኤርትራውያን ድማ "ጽቡቕ ንነብር ኣለና" ክብሉኹም እደሊ። ኣብ ስዑድያ እየ ዝነብር ነይረ፡ ነዚ ናጽነት እዚ ክርኢ ድማ ዓቢ ትምኒት ነይሩኒ። እዚ ኮማዊ ዳስና ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብዝደመቐ ኢና ነብዕሎ ዘለና። ጽቡቕ ምርኢት ካርኒቫል'ውን ኣኪይድና ኢና። ኩሉ ኣብ ደገን ኣብ ውሽጢን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ብዞዕባ ሃገሩ እዩ ዝሓስብ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ንመላኣ ህዝቢ ኤርትራ እንቋዕ ናብ መበል 35 ዓመት ናጽነትና ኣብቅዓና እብል።" ክትብል ገሊጻ።

ኣቶ ብንያም ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣባል 2ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት'ዩ። ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ብርሃን ዓይኒ ኮይኑ ከኣ ይሰርሕ ኣሎ። ንሱ፡ "እታ ዝዓበየት ውራይና ናጽነት እያ። ዝዓበየ ዝኸኣለ ኩሉ ኣብ'ዚ ኮማዊ ዳስ ዝተረፈ ሰብ የለን። ሓዘን ጉዳፍም ከማን ኣብ'ዚ ዳስ ናጽነት መጺኦም ኣለዉ። ትማሊ 12 ናይ ኣቡኣ ሓዘን ዘሕለፈት ለሚ ምሳና ኣብ'ዚ ኮማዊ ዳስ ኣላ። ህዝቢ ኤርትራ ጽኑዕ እዩ። ጽኑዕ ሳላ ዝኾነ ጸላኢ ኣይብደሆ፡ ክሊማ ኣይብደሆ ኮታ ኩሉ ኣይብደሆን እዩ። ጽኑዓት ስለ ዝኾንና ውሑሳት ኢና። ዝኾነ እንፈርሖ ነገር የለን። ብስራት ናጽነት ኣብ ከረን ከለኹ'የ ተበሲረያ። ናጽነት ኮይኑ ምስ ተባህለ ካብ ከረን ናብ ኣስመራ ኣትየ። ቀዳመይቲ ክርእያ ዝደለኹ ቦታ 'ራዳር' እትብሃል ጸላኢ ዝበራ ዘይትድፈር ቦታ'ያ። ናጽነት ምስ ኮነ ብቐጥታ ናብኣ ከይደ። እዚ ወለዶ ለሚ ከኣ ጽቡቕ ይወርስ ኣሎ። ብኸምዚ ኣገባብ ብኮማዊ ዳስ ኣብልካ ዝበዓል በዓል ናጽነት ድማ መርኣያ ስጡም ሓድነትናን ጥምረትናን እዩ። የቐና ንኽቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ! ሓያል መራሒ ሓያል ህዝቢ ኣለና። ሓያል መራሒ ስለ ዘሎ እዩ ሓያል ህዝቢ ኮይኑ። ኑቲ ብኹሉ ነገሩ ውፉይ ሰራዊት ኤርትራ ከኣ የቐና ክብል እፈቱ" ኢሉ።

ኣቶ ክብሮም ገብረማርያም ብወገኡ፡ "ነባሪ ምምሕዳር ከባቢ ብርሃን ዓይኒ ንኡስ ዞባ ማይተመናይ እየ። ከቢድ ዋጋ ከፊልና ዘምጻእናያ ናጽነት፡ ዓመት መጺኣ ብዘበለጸ ኣገባብ ኢና እንበዕላ። ቡብኮማዊ ዳስ ዝቐየድ ጽንበል ብሃንቀውታ ኢና እንካይዶ። ከም'ዛ መዓልቲ ገይሩ ዘሐጉሰኒ ዝበርሃንኒ መዓልቲ የለን። ውራይ ባህታ ይፈጥረልካ'ዩ። ጽንበል ናጽነት ግን መዳርግቲ የብሉን። ዋላ'ኳ ሓራ ካብ እንኸውን 35 ዓመታት እንተኣሕለፍና፡ ዓመት መጺኣት ዝስመዓካ ሓጎስ ግዳ ሓደ'ዩ። እዛ መዓልቲ ብሉጻት ወገናትና ዝኸፈልናላ መዓልቲ ብምዃና፡ ድኻምና


ወ/ሮ ስዕዲ መሓመድ እስማዒል

ከይጽብጹብና ኢና ከም'ዕርጋ እንጋጸ። ሓድነትና እንተርረላ ኣጋጣሚ'ውን እያ። ህዝብና'ውን ንቑሕን ናይ ሓባር ኣረኣእያን ስለ ዘውንን ተበገስ ኣየድልዮን'ዩ። እንታይ ጉዲሉ ክብል፡ ካብ'ታ ዘሎቶ ክምልእን ብዘለዎ በዓሉ ከጸብቖን መርኣያ ክኸውንን'ዩ ዝጽዕር።

"ጽንዓትና ዋሕስና"፡ ብልክዕ ንህዝቢ ኤርትራ ዝውክል ቴማ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ይኹን መንግስቲ ኤርትራ ተጸባዪ ኣይኮንን። ኣብ ርእሲ ምርኮሳ'ዩ ዝኣምን። ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ከቢድ መስዋእቲ ከፊሉ እዩ ኣምጺኡዋ። ብትካቦ ዝመጸኣት ኣይኮነትን። ብሕጂ'ውን ዝመጽእ ተጻብኦታት ብጽንዓትና ክንብድሆ ኢና። መንእሰያትና ድማ እናወረሱ እዮም ዝኸዱ ዘለዉ፣ ኑቲ ጽንዓት ከኣ ለቢሶሞ ኣለዉ።" ክብል ገሊጹልና።


ወ/ሮ ለምለም በየነ


ኣቶ ክብሮም ገብረማርያም

ወ/ሮ ለምለም ደብሳይ፡ ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ከባቢ ብርሃን ዓይኒ ንኡስ ዞባ ማይ ተመናይ'ያ። ብኸምዚ ድማ ኑቲ ዝበረ ውዕውዕ መንፈስ በዓል ናጽነት ትገልጾ፡ "ህዝቢ፣ ነዚ ኮማዊ ዳስ ብሓጎስን ፍሽኽታን እዩ ባዕሉ ዘካይዶ። ኮማዊ ዳስ ከኣ ሃገርና ደሴት ሰላም ምዃና እንገልጸሉ ኣጋጣሚ እዩ። ቴማ ናይ ለሚ ዓመት በዓል ናጽነት፡ ብልክዕ ገላጺት እያ። ህዝቢ ኤርትራ ጽኑዕ ጻኒዑ ዘጽንዕ ህዝቢ እዩ። ሳላ ከምኡ ዝኾነ ከኣ እነህለት ሃገር ውሕስቲ ኮይና። መንእሰያትና፡ ጽንዓት ህዝቦም እናወረሱ እዮም ዝኸዱ ዘለዉ። ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ ንሃገሩ ኣሕሊፉ ኣይሃቦን እዩ። ንዘልኣለም፡ ኤርትራ ከቢራ ክትነብር እያ። ኣብዚ ኮማዊ ዳስ፡ ህዝቢ ልክዕ ከም ካብ ሓንቲ ማህጸን ዝተወልደ ኮይኑ እዩ ዝስመዓካ። ሓጎሱ ብዝተፈላለየ መንገዲ ይገልጽ ኣሎ። የቐና ንኽቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ውሽጢን ደገን ዝነብር መላእ ህዝቢ ኤርትራ።"

# ኮማዊ ዳሳትና፡ ሕላገት ዓንዲ ሓድነትና




## ሪፖርታዥ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)
ስእሊ፦ ክብሮም ጸሃየ

ጽንብል መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ኣብ ሎም ዓመት ኴንኩ፡ ኣብ ጉዕዞ ዝሓለፈ 35 ዓመታት ናጽነት፡ ኤርትራ ከም ሃገር፣ እንታይ ገይርናን ኣበይ በጺሕናን፧ ብኸምኡ እንደልዮ ክንበጽሖ ናብ እንሓልሞ መድረኽ ምዕባለ ክንሰጉም ክኢልናዶ፧ ብሕጂኸ እንታይ ይተርፈና… እንምዕምዓሉ ፍልይቲ ኣጋጣሚ ይኹነና፡፡ ዝናብ ወቕቲ ጽድያ ሎም ዓመት ንሕናይን ትሰዕበውን ወቕቲ ክረምቲ ዝእምት ብኢጋኡ'ዩ ጀሚሩ። ከም ወጽኢቱ ቅንያት ናጽነትና፡ መሬት ጠሊሉ ሓምላይ ትርኢት እንዕዘበሉ ኣብ ዘለናሉ ድማ ብድምቀት ንጽንብሉ ኣሎና፡፡ ዝናብ ብኸምዚ ጸቡቕ ኣንፈት ዝሁብ ቀጺሉ፡ ምእኩትን ብርኩትን ምህርቲ እንሓፍሰሉ ቀውዒ ክትኮነልና ሰናይ ምጽዋት ህዝብና እዩ፡፡


ኣቶ ተስፉ ሃይለማርያም


ወ/ሮ ራሕማ ሸኽ ኣሕመዲን

ዘለናዮ ቅንያት፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና ዝኹበር ህዝብና ኑታ ብህይወት ኣእላፍ ሰማእቲ ዝተረኽበት ርእሰ ሃገራውያን በዓላትና ዝኾነት መበል 35 ዓመት መዓልቲ ናጽነቱ፡ “ጽግዓትና ዋሕስና፡” ብዝብል ቴማ፡ ብበወጉ ክብ ብዝበለ ክብሪን መዓርግን ዝጽንበለሉ'ዩ፡፡ 22ን 23ን ግንቦት 2026 ጀሚሩ፡ ሓደ ካብ ቀንዲ መደባት ቅንያት ናጽነት ዝኾነ ኮማዊ ዳሳት ኣብ ከባቢታት ከተማ ኣስመራን ከባብኣን ተሰሪሖም፡ ህዝቢ ንናጽነቱ ብድምቀት ንምጽንባል፡ ሸሻይ (እኽሉ-ማይ) ከምኡ ድማ፡ በበዓይነቶም ሱጥዑብውን ባህላውን መሰናድኡታት ብምድላው ዘኪሩዎ፡፡ ብወገንና፡ ገለ ምምሕዳራት ከባቢታት ኣስመራ ዞዒልና ኮማዊ ዳሳ ተዘዋዊርና ተኸታቲልናዮ ነይርና፡፡

መጀመርታ እግርና ዘንበርናሉ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ማሕበረ ኮም መኣከር ኣልጌን ንኡስ ዞባ ገጀረት ዝተዳለወ ኮማዊ ዳስ'ያ፡፡ ኣብቲ ሃገርገር ዝበል ዳሱ ንመዓልቲ ናጽነት፡ ንመኸተን ጽግዓትን ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጹ ጭርሖታት ወቒቡ ደርኡ፡፡ ብተወሳኺ፡ እዩም ኑቲ ዕለት ንምድማቕ ዝተዓጥቁ ኣሳሰይቲ ሰብ ጉዳይ፡ ንዘዙመጽአ ዕዱም፡ ‘ጋሻ ተቐበል’ በዚ ኣብሎ፡ ንዓ ናባይ፡ በዚኣ…እናበሉ ተተቐብሎም ብኽብሪ ከቡብሩ ክቅዳደሙ እናኸትርኣ፤ ንመንፈስ ኣቀባብላኦምን ኣገባብኦምን ምስ ተዓዘብካ ብሓቂ ትኸርዕን ትኣዩትን።

ኣቶ ተስፉ ሃይለማርያም፡ ነባሪ መኣከር ኣልጌን እዩ። ንሱ፡ ኣቦ መንበር ናይ'ታ ኣብ ውሽጢ መኣከርም ዝተዳለወት ኮማዊ ዳስ ናጽነት ሎም ዓመት ኮይኑ፡ ኢጋይሽ ብኽብሪ ኣብ ምቕባል ብሓደ ወገኑ ንኢጋይሽ ዘድሊ ሃገር ንምቕራብ ድማ በቲ ኻልኡ፡ ኣብ ምውህሃድ ኣብ ብርቱዕ ስራሕ ተጸሚዱ ሳዕሊን ታሕቲን ኣብ ምባል እንከሎ ኢና ረኺብናዮ፡፡ ንምድላዋት ቅንያት ናጽነት ብወገን ማሕበረ ኮምም ዝተኻየደ ንጥፈታት ክገልጸልና ተወኪስናዮ፡፡ ኑታ ዕለት ብኽብሪ ንምጽንባላ ልዑሊ ሓደ ወርሒ ዝኸደ ሓያል ምሹብኻብ ድሕሪ ምክያድ፡ ጥርናፈ ነበርቲ ናይቲ ማሕበረኮም ሓጊዝዎም፡ ምድላዋቶም ብዚይ ጽገምን ብኸምቲ ዝወጠንዎምን ብጽቡቕ ከምእተኻወኖሎም ድማ ገሊጹልና፡፡

ንመግለጺ ኣቶ ተስፉ ምርኩሰ ብምግባር፡ እቲ ማሕበረቶም ኣብ ኮማዊ ዳስ ጽንብል ናጽነት ሎም ዓመት ብፍሉይ ትኹረት ሂቡ ዝሰርሓሉ፡ ‘መስርሕ ምትኽኻእ፡ ሰንሰለት ምውርራሰን’ ክህሉ ስለ ዘለዎ፡ ዝዓበዩ ንጥፈታት ናይቲ ውራይ ብመንእሰያት ደቆም ከምዝሕለን ከምዝትዐደን እየም ገይሮም፡፡ ዝ. ዘረጋግጽ፡ ዓይኒ ዝመልእ ተሳትፎ መንእሰያትን ተመሃሮን ድማ ተዓዚብና፡፡

መዓልቲ ናጽነትን ኣድላይነት ኮማዊ ዳሳን ብምዝማድ፡ ሓሳቡ ከተፍለና ንኣቶ ተስፉ ሕቶ ኣቕሪብናሉ፡፡ “ህዝብና ዝ. ዘስተማቕሮ ዘሎ ንሓሰ ናጽነትን ሓርነትን ክንረክብ፡ ኑሓድሕዱ እናተኸኣኣለን እናተጸዋወረን ግን ከኣ ብሉጻት ፍረ ብርኩ ደቁ እናኸፈለ፡ ብቓላት ክትገልጾ ዘጸግም ከቢድ፡ መዋጥር ዝበዝሖ ጽንኩር መድረኻት'ዩ ሰጊሩ፡፡ እዚ ድማ ብኽልተ እግርና ደው ክብልን ቴማ ናጽነት ሎም ዓመት ከም ዘጸሮ፡ ጽግዓት፡ መለለዪ ህዝቢ ኤርትራ ምኻና ከስተማቕርን ክኢልና ኢና፡፡ ዓለም ኣብዚ እዋን እሳት ተኾሪዓ፡ ኩናትን ወረ ኩናትን መዛረቢ ኮይኑ፡ ሰብን ሰማይ ጠቐስ ህንጻታትን ብሓደ ተተዓጺዶም ይወድቑሉን ጸጋታት ብሓዊን ተፈንጀርቲ ይህመሹሉን ኣብ ዘለዉሉ መድረኽ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጸኒዑ፡ ኤርትራ ድማ ደሴት ሰላም ኮይና በቲሪ ሓቂ ከም ዘይትሰበር ዘመስከርናሉ መድረኽ ምብጽሕና፡ ንህዝብን መንግስቲን ኤርትራን ዘይጽዓድ ሓደሊታት ምክልኻልን የሣና፡” ኢሉ፡፡

ዝቐጸለ ጉዕዞና ናብ ኮማዊ ዳስ ማይ ዋላኹ ንኡስ ዞባ ገጀረት'ዩ ቀኒዑ፡፡ ልዕሊ 2000 ነባሪ ናይ'ታ ምምሕዳር ከባቢ ዓበኡ ንኣሱ፡ ቁልዕኡ ሰበይቱ ኣብ ምሳሕ'ዩ ጸኒሑና፡፡ ገለን ዳስ ዝጸጦ ተኻፊሊ ናይቲ ጽምብል ዝኾኑ ጸላል ኣብ ዝረኸብሉ ንሓድሕዱ ወጻዕ እናበለ ዝተቐረበሉ እናተቛደሰ ድማ ተዓዚብና፡፡

ወይዘሮ ራሕማ ኣሕመዲን፡ መራሒት ጉጅለን ነባራት ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ዋላኹ ንኡስ ገጀረትን'ያ፡፡ ናጽነትና ርእሰ ሃገራውያን በዓላት ህዝቢ ኤርትራ ምኽንያት ብምምልካት፡ ብኢጋጣሚ እዚ ክብርቲ ዕለት፡ ሰድራቤታት ኤርትራ ብዚይ ናይ ዕድሜ፡ ጾታን ሃይማኖትን ኣፈላላዩ፡ ኣብ ኮማውያን ዳሳት ተጠርኒፈን ሓቢረን ክጽንብላ ምርኣይ ዝሰምዓ ባህታን ሓጎስን መግለጺ ከም እትሰእኖሉ ገሊጻትልና፡፡

ንሳ ኣስዒባ፡ ናጽነት ክብሀል እንከሎ፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ብሕልፊ፡ ኑቲ ዝሓለፎ ዓመታት ዝቐጸለ ሓሳረ-መከራ እትድኀበስ መዋጽኦ ምኻና ብምምልካት፡ ህዝቢ ኤርትራ ንስለኣ ክብል ብዘኸፈሎ መስዋእቲ ክኹርዐን ክሕበንን ከም ዝግብኦ ኣዘኺራ፡፡ ብወገና ኣብታ ዕለት ንዘለወን ክብሪ ንምግላጽ፡ ምስ 120 ዝኾና ኣደታት ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ማይ ዋላኹ፡ ሓደ ዓይነት ክዳንን ነጸላን ተኸዲነን ተቐዲነን ተሓፊሃንን


ኣቶ ተስፋጽዮን ገብረመስቀል

ጸንብለንኣ ከም ዝወዓላ ድማ ኣረዲኣ፡፡

ኣቶ ተፋጸዮን ገብረማስቀል፡ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ማይ ዓይኒ ንኡስ ዞባ ጉዳይፍ እዩ፡፡ ንሱ ዝ ዕለት ኣመልኪቱ ቃሉ ከተፍለና ተወኪስናዮ፡፡ ዝሃበና መልሲ ድማ፡ ንመድረኽ ኣመጻጽኣ ናጽነት ብሰፊሑ ዝገልጽ'ዩ፡፡ ዕላማን መስዋእቲን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኤርትራዊ ከም ህዝቢ ናጻ ሃገር ወኒኑ ናይ ምንባር ማሰል ንምርግጋጽ ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ሓጎሰን ደስታን ደሚሩ፡ ‘ናጽነትና፡ ዋሕስና’ እናበለ ብናይ ሓብር ቃና ዘዘምረላ ዕለት ምኻና ኣረዲኡ፡፡ ንሱ ኣስዒቡ፡ ‘መዓልቲ ናጽነት፡ ንኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ እትጠምር፡ ርእሲ ኩለን በዓላትና እያ’ ድሕሪ ምባል፡ ኣብዛ ክብርቲ ዕለት፡ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ዝነብር ኤርትራዊ ዜጋ ባህጊታቱን ስምዒታቱን ዘንጸባርቐ፡ ብድምቀት ባህ እናበሎ ብሓበርን ኩርዓትን ከም ዝጸንብላ ኣዘኪሩ፡፡

ኣስታት 4500 ነባሪ ምምሕዳር ከባቢ ማይ ዓይኒ ንኡስ ዞባ ጉዳይፍ፡ ቅድሚ ሕጂ 36 ማይ ቤት ዳስ ተኺሉ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ጫ የብዕላ ምንባሩን ንሱ ስለ ዝጸበቦም ግን፡ ሎም ዓመት ኣብ ብሉጥ ጉዳይፍ ዝርከብ ቅድሚ ሕጂ ፋብሪካ ብሸኮቲ ዝነበረን ኣብዚ እዋንዚ ብማዕከናዊ ማእከል ኣፈንዲ ኣብርሃ ዝፍለጥ ሰፊሕ ኣዳራሽ እያም ኣብዒሎሞ፡፡ ህዝቢ፡ ኣዳራሽ ጸቢብዎ ኣብ ቀጽሪ ናይቲ ኣዳራሽ 12 ማይ ቤት ዳስ ወሲኹ'ዩ ወዒሉ፡፡ ኣቶ ተስፋጸዮን፡ ኣዳራሽ ብጥርሑ ንዘፈቐደሎም ኣቶ ኣፈንዲ ኣብርሃ ብስም ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢኦም ‘የቐንየልና’ ክብል ኣማስጊንዎ፡፡

ናጽነትና ካብ ፍሉይ ታሪኻዊ ክውንነትና ዝበቖለ እዩ፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ማሰል ርእሱ ውሳኔኡ ብርእሱ ሓያላን ሃገራት ምስ ተመንዘወ፡ ኢዱ ኣጣሚሩን ዓይኑ ዓሚቱን ክኹር ኣይመረጸን፡፡ ዝተመንዘዎ ልዑላዊ ክብሩን ማሰሉን ንምምላስን ንምውሓስን፡ ብጦርኡ ቅልጽሙ ኣብ ዛንታ ቃልሲ ዓለም መውዳድርቲ ዘይርከቦ ታሪኽ እዩ ጽሒፉ፡፡ ኣብ መውዳእታ ድማ፡ ክብሪ ዋጋ ህይወት ከፊሉ ናጽነቱን ሓርነቱን ጨቢጡ፡፡ ድሮ ከኣ 35 ዓመት ኣቑጺሩ፡፡ ዝ. ኣመልኪቱ ኣቶ ተፋጸዮን፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዓመታት ኣብ ዝጡ ዝተጓዕዞ ዘይፍትሓዊ እገዳ ተጻዊሩ፡ ዝ. ብኸቢድ መስዋእቲ ዝጨበጦ ክብሩን መሬቱን ብወፍሪ ሃገራዊ ዳግመ ህንጻ ከሰምልሞ ይሰርሕ ምህላዉ ብምምልካት፡ ጉዕዞ ልምዓትና ናብ ዝበረኸ ደረጃኡ ንምምዕራግ ተራን ኣበርክቶን ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ክዓዘዝ ከም ዝጥዕኢ ኣገዚቡ፡፡ ኣብ መውዳእታ ድማ፡ ህዝቢ፡ ኩሉ እቲ ንኽብሪ ዕለተ ናጽነት ተባዚሉ ዝተዳለወ ሸሻይ፡ መንፈሱ እናሓደሰ ሓድሕዱ ሓድነቱ እናኣዕመቖ በቲ ዝተዳለወ ማዘናጊዒ መደባት እናተደሰተን እናተዛናየን ክቋደስ ብምትሕስሳብ፡ መዓልቲ ናጽነት ሎም ዓመት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ተገናጺፍዎ ዘሎ ዓወት፡ ወጽኢት ጽግዓቱን ዘይሕለል ጻዕቱን ምኻና ኣሚኑ፡ ሎም እውን ከም ወትሩ መብጽዓኡ ከሐድስ ኣዘኻኺሩ፡፡

ኮማዊ ዳስ ናጽነት ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ቀሓውታ ንኡስ ዞባ ጉዳይፍ፡ መውዳእታ ዝበጻሕናያ ናይ'ቲ ውዕሎና'ያ፡፡ ንጥፈታት ናይታ ዳስ ብዘመሳሰሊ ካብቶን ዝተጠቕሳ ዝበጻሕናየን ኮማዊ ዳሳት ዝፍለ ኣይነበረን፡፡ ኣደታት፡ ጸጉረን ተቐኒነን ስልማተን ተሸሊመን ሳዕሊን ታሕትን ክበላን ኋይላኣን ኣወግረን እናተፈተላ ክስዕየንየን ጸኒሐናና፡፡ ኣብል ሃግደኤን ቀዋማይ ዘርያን የዲት ኢሳቕ፡ ከምኡ ድማ ኣባል ኮሚተ ኮማዊ ዳስ ናጽነት ወ/ሮ ፍረወይኒ ፍትዊ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ቀሓውታ ንኡስ ዞባ ጉዳይፍ እየን፡፡ ወ/ሮ የዲት ኣብ ቀዋማይነን ሳልሳይን ወረር ወያነ ተኻፊላ ግቡኣ ዝፈጸመት'ያ፡፡ የዲትን ፍረወይኒን ከምተን ኣብ ዝረኸብናየን ዳሳት ናጽነት በዓል ንምምዕራግ ሳዕሊን ታሕቲን ክበላ ዝጽንሓናሞ እሞ፡ ኣብ መንጎ እቲ ዕሙር ኋይላ እናተሳሀያ ካብ መንጎ ሳዕስዒተን ብዝዕባ እታ ዕለት ሓጎሰንን ደስታኣንን ከተፍላና ካብ ዘዘራረብናየን ኣደታት'የን፡፡ ንሰን፡ ዳስ ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ንሓድሕዱን ምስ ናጽነቱ ዘለዎ መላግቦ ሓድነቱን ጥምረቱን ዘይልድሰላ ምኻና ገሊጸን፡፡

ኮማዊ ዳስ ናጽነት ንምድላው፡ ምስ ብጾታ ነዊሕን ኣድካምን ግዜ ከምዝወሰደሎም ዝጠቐሰት ወ/ሮ ፍረወይኒ፡ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕርን ድኻምን ኣብ መፈጸምታኡ በጺሑ ህዝቢ ብሓበር ክጽንብሎ ምኽኣሉ ከም ዝሐጎሳ ድማ ኣረዲኣ፡፡ ኣብ ምም/ቀሓውታ፡ እቲ ጽንብል ፍሉይ መዓርግ ከምዝለብስ ዝገበረ፡ ተሳትፎ ህጻናት ተወሲኹዎ ብምውዓሉ እዩ፡፡ ብፍላይ ተመሃሮ መውዓሊ ህጻናት ኣብያተ-ትምህርቲ ቀሓውታን ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ዓዲ ስወራን ኣብርሃ ባህታን ኑቲ ዕለት ዘንጸባርቑ ዝድንቑ ሱጥቡቒ ፍርያት ኣቕሪቦም፡፡ ገለ ካብቲ በዮም ህጻናትን ተመሃሮን ዝቐረበ ስራሕ፡ ንድሕሪት መሊሶም ዘዘኻኽሩ ደርፈታት፡ ግጥሚታትን መዛሙርን ዝሓዘሉ ኮይኖም፡ ንተሳተፍቲ መሰጦምን ኣዘናጊያምን፡፡

ብወገንና ትሕዝቶን ኣቀራርባን ኣርባዕቲኣን ኮማዊ ዳሳት ጥምር ብዝበለ ክዝርእዮ እንከለና፡ ነበርተን ንመዓልቲ ናጽነት ብድምቀትን ልዑል መዓርግን ንምጽንባላ ሓያል ጻዕሪ ከምዝገበሩ ክንዕዘብ ክኢልና፡፡ ዝተፈላለዩ ደርፍታት፡ ድራማታትን መዛሙር ህጻናትን ስፖርታዊ ንጥፈታትን ተወሲኹሞ ዓቢ ምድላዋት ዝተገበረሎም መደባት ኮማዊ ዳስ ምንባሮም ተረዲእና፡፡

ኣብ ከም መዓልቲ ናጽነት ዝኣመሰሉ


ወ/ሮ የዲት ኢሳቕ


ወ/ሮ ፍረወይኒ ፍትዊ

ህዝቢ ብደስታ ዝጽንበሎም ሃገራውያን በዓላት፡ መጀመርታ ክጥመት ዝዋንብኣ ቅዱስ መንፈስ ሓፋሽ'ዩ፡፡ መበል 35 ዓመት መዓልቲ ናጽነት፡ ነበርቲ ኩለን ዝበጻሕናየን ኮማዊ ዳሳት፡ ሓቢሮምን ተጠርኒፎምን ክውዕሉ ዝሰምዖም ልባዊ ደስታ መግለጺ ከም ዘይረኽብሉ'የም ሓቢሮምና፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ክብርቲ ህይወት ደቁ ከፊሉ ንዝረኸበ ናጽነት ንምጽንባል፡ ብሓጎሰን ደስታን ተኣኪቡ ክርኢ ኣመና ከምዝሐበናም መግለጺ ናይ'ቶም ዘዘራረብናዮም ኣካላት'ዩ፡፡

35 ዓመት ንድሕሪት ተመሊስና ምስ እንዝክር፡ መሪር ኩነታት መግዛእቲ እዩ ዝቐጀለና፡፡ ዝ. ንምዘንታው ኣጉዳሲ ስለ ዝኾነ፡ ኮማዊ ዳሳት ናጽነት ንኣጋውብ ምትሕልላፍ ታሪኽ ናብ ተመሃሮን መንእሰያትን ግደኣን ዕዙዝ ምኻኑ ምርዳእ የድሊ፡፡ ብሱጥቡቡውን ካልኦት ኣገባብትን ባዕሎም ከም ዝርድእዎን ከም ዘስተማቕርዎን ምግባር ከኣ ዝበለጸ ሜላ ገይርካ ክውሰድ ዘለዎ'ዩ፡፡

ብኢጋጣሚ እዛ ዕለት፡ ኑዮም ንስለ እዛ ሃገርን ህዝባን ህይወቶም ዝኸፈሉን ኣካሎም ዘጉደሉን ዜጋታት ክብርን መጎሰን ይብጽሓዮም፡፡ ብመስዋእቲ ኣእላፍ ቀያሕቲ ዝተረኽበት ሃገር፡ ጠመትታ ብዙሓት ብምኻናም፡ ክብራን ናጽነታን ንምሕላው ሎም እውን ከም ወትሩ፡ ትኹረትና ክሕይል ይግባእ፡፡ ሰናይ ቅንያት ምስ መደባት ናጽነት፡፡

ጽግዓትና ዋሕስና!

ጽንዓትና፡ ዋሕስና!

# ጽንብል በዓል ናጽነት
## ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ



ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀ



***

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ነዚ ኣብ ትሕቲ “ጽንዓትና ዋሕስና!” ዝብል ቴማ ዝብዓል ዘሎ መበል 35 ዓመት ዕለተ ናጽነት፡ ብ21 ግንቦት 2026 ኣብ ገጀረት - ቀጽሪ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ሚኒስትሪ፡ ኩሎም ኣባላት፡ ዕዱማት ኣጋይሽ ከምኡ’ውን ናይ ልምዓት መሻርኽቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ ብልዑል ድምቀት ጸንቢሉ።

ኣብቲ ጽንብል፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ እዚ ንሎሚ ዓመት እተመርጸ ቴማ፡ “ጽንዓትና፡ ዋሕስና” ካብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ንናጽነት ጀሚሩ ክሳዕ እዚ እዋን ከም ዘዐወተና፡ ብሕጂ’ውን ዘዐውተና መትከል ምዃኑ ጠቒሱ።

ቀጺሉ፡ ብመሰረት መትከል ርእሰ ምርኩሳ፡ ብውሑስን መኣዛውን መግቢ ርእስና ንምኽኣል፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ እተፈላለየ ስትራተጂታት ብምሕንጻጽ ብንጥፈት ይሰርሕ ምህላዉ ጠቒሱ። በዚ መሰረት፡ መትከል፡ “ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!” ብእተፈላለዩ ተበግሶታት ማለት ብመገዲ ኣብነታውያን ሓረስቶት፡ ብደረጃ ዓዲ ብግጡም ልምዓት ብቑሊ፣ ብመገዲ ንኡስ፡ ውሁድ ስድራቤታዊ መደብ ሕርሻ፣ ብንኡስን ማእከላይን ንግዳዊ ሕርሻታት ከምኡ’ውን ብስትራተጂ ‘ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ’ ብምልኣት ንኽትግበር ኣብ ቅኑዕን ዘተኣማምንን ሓዲድ ከም ዝርከብ ጠቒሱ።

‘ስትራተጂ ንርቃሕ ብምልኣት’፡ ንጥፈታት ቃጽያ (ግቡእ ምሕደራ ዘማልአ)፡ ብውሑዱ ሓደ ጋብላዊ ወይ ዘመናዊ ቁፎ (ዕስለ ንህቢ ዝኣተዎ)፡ ደርሁ ገደና (ብዝሒ ካብ ሓሙሽተ ክሳዕ ዕስራን ሓሙሽተን) ከምኡ’ውን ሓንቲ ናይ ጸባ ላም ወይ ክሳዕ ሽዱሽተ ናይ ጸባ ኣጣል የጠቓልል።

ብመሰረት ህሉው ሓበሬታ ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ ዛጊት 2067 ዓድታት ኣብ መደብ ንርቃሕ ብምልኣት ንኽኣትዋ ተለልየን፣ ድሮ ካብኣተን 1443 ዓድታት ትግባረ ንርቃሕ ብምልኣት ከም ዘተኣታተዋ ጠቒሱ። ኣብተን ዝተረፋ ዓድታት ድማ ኣብ ቀረባ እዋን ከም ዝትግበር ኣብሪሁ። ኣብ መወዳእታ፡ ሚኒስተር ኣረፋይነ፡ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ነቲ “ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!” ዝብል መርሓ ጕደና ኣብ ግብሪ ንምትርጓም፡ ኣብዚ ክቡር ኣጋጣሚ መብጽዓኦም ከሐድሱ ከም ዝግባእ ኣዘኻኺሩ።

***

ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ ናይቲ በዓል መንእሰይ ኣማኑኤል መብራህቱ ብወገኑ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ካብ ምውሓስ መግቢ ናብ ምውሓስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ ንምብጻሕ ኣብ ዝግበር ዘሎ ምርብራብ፡ ሰራሕተኛታት መንእሰያት እቲ ሚኒስትሪ ከይተሓለሉ ከም ዝሰርሑ ኣረጋጊጹ፣ ንድምቀት ናይዚ በዓል ንዘበርከቱ ኩሎም ወገናት ድማ ኣመስጊኑ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ንጉዕዞ 35 ዓመታት ኣብ በበይኑ ጽላት ሕርሻ ናይ ዝተኻየዱ ምርምራዊ ስርሓትን ውጽኢቶምን ዘንጸባርቑ ኤግዚቪሽን ቀሪቡ። ቀጺሎም፡ እተፈላለዩ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት እዮም ቀሪቦም።

“ክብረት ይሃበልና” እትብል ግጥሚ ብስምኦን ሓጐስ ተጻሒፋ፡ ብሚልዮን ተኽለን ፍዮሪ ዘርኣይን ቀሪባ። እዛ ግጥሚ፡ ክልተ ደቂ ሰዉኣት ብህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንዝግበረሎም ኣልያን ፍቕርን ዘሎዎም ኣኽብሮትን ዕግበትን ብምዝርዛር፡ ኣብ ትምህርቶምን ህይወቶምን ዕዉታት



ኣማኑኤል መብራህቱ

ክኾኑ ስለ ዘኽኣሎም፡ ምስጋናኦም ዝገልጹላን ግጥሚ እያ። ቀጺሉ፡ ምርኢት ሰውራዊ ትልሂት ብጉጅለ ባህሊ እንዳ-ቐሊት ድምቀቱ ምስ ሃበ፡ “ሓዲድ ጽንዓት” እትብል ድራማ ሰዒባ፣ ንንጹር ሕርያን መትከላዊ ጽንዓትን መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ድማ ትገልጽ። ደራሲት ናይዛ ድራማ ወጋሕታ ክፍላይ ነይራ።

ቀጺሉ፡ ህጻን ኣብይናቢ ኪዳነ ‘ናጽነት’ እትብል ግጥሚ ብቓሉ ምስ ኣቕረበ፡ ካብ ኩሉ ተሳታፊ ልዑል ሞራል ተመጥዩሉ። ምሸላም ዕዉታት ስፖርት ውድድራት ናጽነት ብውዕዉዕ መንፈስ ምስ ተኻየደ፡ ‘ጻማኻ’ዩ’ ብዝብል ኣርእስቲ፡ ሚልዮን ተኽለን በረኸት ተስፋጽዮንን ሙዚቃዊት ግጥሚ ኣቕሪቦም። ንከቢድ እዋናት ብልዑል ናይ ስራሕ ስነ-ምግባርን መትከላዊ ጽንዓትን ኣላሽ ኣቢሉ፡ ኣብ ትስፉው መድረኽ ንዝበጽሐ ኤርትራዊ ጻማኻ እትሓፍስሉ ግዜ መጺኡልካ ኣሎ ብዘስምዕ ቃና፡ ንታሪኻዊ መድረኻት እትገልጽ ስነ-ጥበባዊት ስራሕ እያ ነይራ። ገጣማይ ማቴዎስ ኣብርሃ (ባርያ) ብግድኡ፡ “ኣነ’የ ኤርትራ!” ብእትብል ቀስቃሲትን በርባሪትን ግጥሙን ወናም ኣቀራርባኡን፡ ነዚ ክቡር ዕለት ዝግባእ ክብሪ ሂቡዎ።

ሃገራዊ ጣዕመ ዜማታት ምስ ቀጸሉ ድማ ተሳተፍቲ ናይቲ በዓል ንዝቐረቡ ፍርያት ኣስተማቒሮምን ወናም ኣውጺኦምን።

ብርሃነ ዓንደመስቀል
ስምኦን ሓጐስ
***



### ክብረት ይሃበልና

ሰላም ንዓኹም፡ ወለዳን ሓለውታን
ኳዕናናት ሰብ ታሪኽ፡
ዝንእሶም ምምስጋን
"መትከል" እብሃል፡
ጓልኩም፡ ጓል ክቡራን
ንዝገበረልካ ግበረሉ ወይ ንገረሉ’ዩ’ሞ

(ኢላ ሓሳባ ከይወድአት ሓደ ድምጺ ይኾልፋ)

ሓንሳእ ሓንሳእ!
ስድራ ኩይንካዶ
የድሊ'ዩ ምጽብጻብ፧
ደሓር ከኣ... ኣንቲ ሉል ኤሩ
እቲ ራእይ'ኮ ነዚ'ዩ ነይሩ
...

ሓቅኻ ወደበይ፡
ኣነ'ውን ንሱ'የ ዝረክብ ኣብ ልበይ
እናሓደርኩ ክነፍዕ፡
ኩሉ'ዩ ጽዒሩለይ
ስለዚ'የ ኾኣ ዘይድቅስ፡
ስለዝእወድ ብህዝበይ ሃገረይ
***

እዚ ወለዶ ዝተዓደገ'ንድዩ
ብዘይሽነን ዋጋ
ርስቲ ዝወረሰ ካብ ሰበርቲ ምንጋጋ
ናጽነት ዝተገዝመ ሃገር ብቐንዳ
ክሕልዋን ከልምዓን ኣለዎ'ወ ዕዳ
ናተይ ከኣ'ሞ፡ ሕልፊ’ዩ ዝያዳ።
ጉዳይ መንነት'ዩ ቁንቁኛ ናይ ልቢ፧
ብፍቕርን ብግብርን ዝኹስኩሰኒ ህዝቢ
ብፍልጠተይ ክእለተይ ክመልሰሉ ዓሰቢ
ዋኒን የብለይን ካብዚ ዝዓቢ

ጅግና ክቡር ምዃኑ ርእየ ኣብ ሂወተይ
እነኹ'ንዶ ከቢረ ሳላ ሰዉእ ኣቦይ።
ኣማን ብኣማን! ሚእቲ ካብ ሚእቲ!
ክቡር ሰብ ክቡር ዓሰቢ
ከም ዝረክብ፡ ኣነ'ውን ምስክር'የ፡
ኣነ ጓል ሰውእቲ
ዘዕበየና ሰብኣውነት፡
ናይዚ ረዚን ህዝቢ ምስ መንግስቲ
ዕዉታት ክንከውን፡
ኣብ ሂወት ኣብ ትምህርቲ
ቃንዩና'ዩ'ሞ፡ ክብረት ይሃበልና
ካብ ውሽጢ ካብ ልቢ
ከምታ ጽባሕ እትፈሪ ዕንባባ
ኣብ ሎሚ ኩይንካ ዘድልያ እትህባ
ከምኡ ኢና ርኢና፡
ፍቕርን ክብረትን ክናበባ
ክብሪ ንዓኹም እተሰትዩ ጸባ።
ንስኹም ንስኽን፡
መመሊስኩም ትጽብቑ ተጸብቑ
ትሓቑፉ ተማሙቑ፡ ትምህሩ ተዕጥቑ
ዘይከኣል ትኽእሉ
ሰብ መትከል ሰብ ቅያ
ኣብ ኵሉ ልዕሊ ኹሉ፡
ናይ ፍቕሪ ኣርኣያ
መምህራን ጽንዓት፡ ዕዉታት ሰብ ሞያ
ጸብለል..ል... እትብሉ ከም ላህመት
ከደንቲ ክብሪ ድባብ ናይ ናጽነት
ይግባእን ፈረቓን ንዓኻትኩም ክብረት!

ኣሕዋት ኣሓት ብሓበራ፡ ተረኪብቲ ኹሉ
ድሮ ክኢልኩሞስ እቲ ሓረግ ቀጺሉ
በዚ ንወገንኩም ትምልምሉ፡
በዚ ትወፍሩ ተዋፍሩ፧
ናትና ምኳንኩም ተሓቢንና ኢና
ስለዚ ድማ... ክብረት ይሃበልና።

ስምኦን ሓጐስ
***

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07415048 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ከረን - ሊግ ዓንሰባ ቀጺሉ

ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ምስልሳል ዝርከብ ሊግ ዓንሰባ፡ ብኽልተ ጸወታታት ቀጺሉ ወዒሉ፡፡

ኣብቲ ዕለት ግጥመን ንምስልሳል ፈለማ ናብ ሜዳ ዝወረዳ ኣልሳሕልን ጋሽን ነይረን፡፡ ናይ ቀዳማይ እብረ ጸወታ መጥቃዕቲ ዘዘዉሓ'ኳ እንተነበራ፡ ሸቶ ግን ኣይተርኣየን፡፡ ካብ ዕረፍቲ ተወዲብ ዝተመልሰት ኣልሳሕል ድማ፡ ክልተ ሸቶታት ካብ ናስር ጀማልን መሓመድ ሓማድን ብምምዝጋብ መራሕነት ሓዘት፡፡ ሓይጋ ንድሕሪት ምምላስ ዘጸላልዋ ዘሎ ጋሽ ከኣ፡ ንዝተመዝገበላ ሸቶታት ንምሕዋይ ሓያል ጻዕሪ ኣካየደት፡፡ እንተኾነ ክሰዕ ተወሳኺ ግዜ ክሰልጣ ኣይከኣለን፡፡ ዳኛ ንዝባኸነ ግዜ ክትካእ ተወሳኺ ደቒቕ ምስ ሃበ ጋሽ ካብ ስዕረት ዘይተናግፋ ሸቶ ካብ ኤቨን ረድኢ ኣመዝገበት፡፡ ጸወታ ድማ 2ብ1 ተዛዚሙ፡፡

ቀጺለን ሕውኑትን ደንደንን ተጻዊተን፡፡ ናይ ቅድሚ ዕረፍቲ ጸወታአን ሚዛናዊን ሸቶ ዘይተራእየን ግጥም ነይሩ፡፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ሓዩላ ዝቐረበት ሕውኑት፡ ንድሕሪት ንዘይምምላስ ካብ ዝቐደድ ዘሎ ቃልሲ ንምምላጥ፡ ደጋጊማ ልዑት መጋጥምታ ክትተኮሕኩሕ ተራእየት፡፡ ምዱብ ግዜ ስለ ዝኣኸለ ጸወታ ብናይ ሓባር ወጽኢት 0ብ0 ተዛዚሙ፡፡ ሕውኑት ካብዚ ግጥም፡ ሓንቲ ነጥቢ ብምርካብ ካብ ዞባ ምምላስ ክትወጽእ ክኢላ፡፡

ሊግ ዓንሰባ ንኽዛዘም ክልተ ግጥማት ተሪፍዎ ይርከብ፡፡ ዝመጽእ ሰሙን ብዝቐደድ ግጥማት ድማ መጋረጃኡ ክዕጾ'ዩ፡፡

## ኢራኦላ፡ ቀልቢ ዓበይቲ ክለባት ዝስሕብ ዘሎ ኣሰልጣኒ

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ደቡባዊ ገምገም ባሕሪ ዓዲ እንግሊዝ ዝተፈላለየ ደሃይ ዘለዎ ጣቕዒት ተሰሚዑ፡፡ እቲ ደሃይ፡ ተራ ናይ ጸቡቕ ዕዮ ዝበል ጣቕዒት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ሓደ ምዕራፍ ኣብ ናይ መዛዞሚ መድረኹ በጺሑ ዝበል'ውን ሓዚሉ ነይሩ፡፡ ኣብቲ ቦርንማውዝ ተሳትፎኣ ኣብ ሊግ ኤውሮጳ ዘረጋገጸትሉ ዕለት፡ ኣሰልጣኒኣ ኣንዶኒ ኢራኦላ ድማ ሓደሽ ጉዕዞ ንምፍላም ተሰናቢቱዋ፡፡ እቲ ጣቕዒት ከኣ ዚ ክልተ ክስተት ዘኾተተ ነይሩ፡፡

ኢራኦላ፡ ንቦርንማውዝ ናብ ተፈራሒት ክለብ ድሕሪ ምልዋጡ፡ ኣብ ኤውሮጳዊ መድረኽ ተጠማቲ ኣሰልጣኒ ኮይኑ ይርከብ፡፡ ቦርንማውዝ ብሕጽረት ባጀት እናተሸገረት፡ ካብታ ሓምሽይቲ ዝዛመት ሊቨርፑል፡ ብሰለስተ ነጥቢ ድሕሪ ሻድሽየቲ ኩይና ክትዛዘም ክኢላ፡፡



ኢራኦላ ድማ ኣሰልጣኒ ካብ ዝተፈላለየ ደጻዋዕ ኣሎ፡፡ ኣብ ክለባተን ንምስጓግ ከኣ ልዳቱ ሊቨርፑል፡ ኣመልኪታ ኣብ ግምት ሕጹይ ኣሰልጣኒ ብዘውሳኺ እታ ዘበረረት ኢሲ.

ዚ ክብሪ ዘበቅዓ ብምዃኑ፡ ብየዉታ ስሙ ኩርናዓት ኤውሮጳ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ፡ ዘሎ ሕማቕ መንፈስ ንኢራኦላ ክውንና ይኾሕኩሓ ኣለዋ፡፡ ብዝዕባ መጻኢ ኣርነስሎት ክራማት እትህቦ ውሳነ ብምእታው፡ ንኢራኦላ ገዩርዎ ይርከብ፡፡ ንማሲሚላኖ ኣለግሪ ሚላኑ ንኢራኦላ ኣብ ቅድሚት ብምሕጻይ ምስ ወኪላቱ ከም ዝተዘራረበት ገሊጹ፡፡ እዚ ከምዚሉ ከሎ፡ ሎሚ ኣብ ኮንፈረንስ ሊግ ናይ ፍጻመ ጸወታ እተካይድ ክሪስታል ፓላስ ብወገኑ፡ ንኣሰልጣኒኣ ኦሊቨር ግላንስር ክትትክእ ንኢራኦላ ተጣይቐሉ ኣሎ፡፡ ሽዱሽተ ኣብ ዝተፈላለየ ሊጋት ኤውሮጳ ዝርከብ ክለባት ድማ ናይ መውዳእታ ውሳነ ናይዚ ወዲ 43 ዓመት ስጳኛዊ ኣሰልጣኒ ኣንዶኒ ኢራኦላ ኣብ ምጽባይ ይርከባ፡፡

## ካብ ፓሪስ ዝስማዕ ዘሎ ንኣርሰናል ዘርብሕ ዜና

ፒኤስጂ፡ ክልተ ወሳኒት ተጻወትታ ኣብቲ ምስ ኣርሰናል ዘለዋ ናይ ፍጻመ ጸወታ ንኸርክቡ ኣብ ሓያል ቃልሲ ከም እትርከብ ተሓቢሩ፡፡




ኣብ ቡዳፔስት ዝቐደድ ናይ ፍጻመ ጸወታ እናተቓረበ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ ግዜ፡ ኣሰልጣኒ ፒኤስጂ ሉዊስ ኤንሪከ፡ ኣሽረፍ ሓኪምን ያሶማን ደምበለን ካብቲ ናይ ፍጻመ ጸወታ ከይብኸሩ ኣብ ፍርሒ ተሸሚሙ ኣሎ፡፡

ፒኤስጂ፡ ኑቲ ዝመጽእ ቀዳም ዘለዋ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንሀልው ኣካላዊ ብቑዓት ናይዞም ክልተ ተጻወትቲ ኣብ ምክትታል'ያ እትርከብ፡፡ ፒኤስጂ፡ ናይ ሊግ 1 ዓወት ድሕሪ ምርግጋጹ ኣኽሊል ኤውሮጳዊ መድረኽ ንምዕንጻፍ ኣንቂዳ'ያ ዘላ፡፡ ይኹን እምበር ወሳኒት ተጻወትታ ብምስኣን ከይትኸሰሮ ፍርሒ ተዘራኢዋ ይርከብ፡፡ ብኣንጻሩ ኣርሰናል፡ ናይ 22 ዓመት ጽምኢ ብምርዋይ፡ ምስ ሓያል ርእሰ ምትእምማን'ያ ዘላ፡፡ ንፒኤስጂ ስዒራ፡ ናይ ፈለማ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ናብ ሰሜን ሎንደን ንምምጻእ ከኣ ከሉ ምድላዋታ ኣጻፊፋ ትርከብ፡፡

ብመሰረት 'ለ ኢኪፕ' ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ተኸላኻላይ ፒኤስጂ ኣሽረፍ ሓኪሚ ኣብቲ ናይ ፍጻመ ጸወታ ብቑዕ ኩይኑ ከርክብ ትጸቢት የለን፡፡ ሓኪሚ፡ ድሕሪቲ ኣብ ቀዳማይ እግሪ ጸወታ ፍርቂ ፍጻመ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ሜዳ ኣይተርኣየን ዘሎ፡፡ ክሳዕ ሎሚ ረቡዕ ከኣ ናብ ምሉእ ልምምድ ክምለስ ትጸቢት ኣይግበረሉን፡፡ ሰለስተ መዓልታት ልምምድ ኣካይዱ ቀዳም ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ብቑዕ ኩይኑ ክርከብ ድማ ኣይግመትን፡፡ ሓኪሚ፡ ክጸዋ ምክልኻል ኣብ ምጥቃዕ ዝፈጥሮ ዕድላት ኣብ ግምት ብምእታው ንኢንሪከ ፍሉይ ቅዲ ምጥቃዕ ክኸፍተሉ ይሕግዞ ነይሩ፡፡ ዘይምህላው ናይዚ ተጻዋታይ ድማ ፒኤስጂ ካልእ ቅዲ ክትፍትን ዝግድዳ'ዩ ክኸውን፡፡ ጥዕናዊ ኩነታት ተጻወትቲ ፒኤስጂ፡ ኣብ ምክልኻል ጥራሕ ኣይኮነን ሕጽረት ፈጢሩ ዘሎ፡፡ መስመር ምጥቃዕ'ውን ዘኾተተ - ያሶማን ደምበለ፡፡ እዚ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ቀዳም ብቑዕ ኮይኑ ክርከብ ኣብ ሓያል ጻዕሪ ከም ዝርከብ'ዩ ዝነገረሉ፡፡ ደምበለ፡ ባህጊ ደገፍቲ ጋንታኡ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብቲ ናይ ፍጻመ ጸወታ ምስ ምሉእ ጥዕናኡን ብቕዓቱን ክርከብ ኣብ ልምምድ ኣሎ፡፡ እንተ ሓኪይም ጋንታኡ፡ ኩነታት ጥዕናኡ ኣብ ግምት ብምእታው ብደቂቕ ኣብ ምክትታል ይርከብ፡፡

ስታፍ ኣሰልጠንቲ ኣርሰናል፡ ዚ ካብ ፓሪስ ዝስማዕ ዘሎ ዜናታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናይ መውዳእታ ውጥን ንምሕንጻጽ፡ ድሕሪ'ቲ ናይ ትማሊ ልምምድ ፒኤስጂ ዝወጽእ ዜናታት ኣብ ምክትታል ይርከብ፡፡

ኣርሰናልን ደገፍታን በቲ ዝሓለፈ ሰንበት ዝሰቐቶ ሞራል ተሓጊዞም፡ ንፒኤስጂ ክስዕሩዋ ኣብ ምሉእ ምድላው ከም ዘለዉ ኣብ ዝገልጹሉ ዘለዉ ግዜ፡ ብኩራት ናይዞም ወሰንቲ ተጻወትቲ ምስ ዝረጋገጽ ከኣ ናይ ምዕዋት ዕድል ከዕብዩ ይኽእል'ዩ፡፡

## መጻኢ ራሽፎርድ ኣብ ባርሴሎና ዶ . . .፧

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ 'ጎል' ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ ብልቓሕ ምስ ባርሳ ዝጻወት ዘሎ ማርከስ ራሽፎርድ፡ ጸቡቕ ወጽኢት ብምርኣዩ፡ ቅድሚ ዋንጫ ዓለም 2026 ምጅማሩ ባርሴሎና ብቀዋምነት ንምውናኑ ጻዕርታት ትገብር ከም ዘላ ኣረዲኣ፡፡ ዝሓለፈ እዋን ዝኣተወኦ ስምምዕን ናይ ባርሴሎና ፋይናንሳዊ ዓቕሚን ኣብ ግምት ብምእታው ከኣ፡ መጻኢ ራሽፎርድ ከመይ ክኸውን'ዩ ዝበል ሕቶ ኣጠሪሱ ይርከብ፡፡




ባርሴሎና፡ መሰረሕ ምስግጋር መታን ክቀላጠፍ፡ ምስ ዩናይትድ ዝኣተወቶ ውዕል ብምኽባሱ፡ ሓፈሻዊ ደሞዝ ምቕናስ ኣብ ዝበል ጉዳይ ምስዚ ተጻዋታይ ኣብ ውልቃዊ ስምምዕ በጺሓ ትርከብ፡፡ ማንቸስተር ዩናይትድ ብወገኑ፡ ኣብ ክራማት ምስ ራሽፎርድ ብቀዋምነት ክትፈላለ እዩ ባህጋ፡፡ ዩናይትድ፡ ተሳትፎኣ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ብምርግጋጹ ደሞዝ ራሽፎርድ ክወሰኽ'ዩ፡፡ በዚ ከኣ ብልቓሕ ምቕጻል ዝበል ድሌት የብላን፡፡

ናብ ኦልድ ትራፎርድ ናይ ምምላስ ድሌት ከም ዘይብሉ ዝገለጸ ራሽፎርድ ብግደኡ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ዋንጫ ዓለም ክሳተፍ ምኳኑ ምፍላጡ፡ ዝመጽእ ጉዕዞኡ ከመይ ክኸውን ክፍለጥ ከም ዝደሊ'ዩ ዝሕብር፡፡

ራሽፎርድ፡ ንባርሴሎና ወኪሉ ካብ ዝቐደዶ 49 ግጥማት፡ 14 ሸቶታትን 14 ቀረብ ንሸቶ ብምውፋርን ኣብ ባርሳ ኣጉዳስኡ ኣመስኪሩ ይርከብ፡፡

ኣሰልጣኒ ባርሴሎና ሃንሲ ፍሊክ፡ ንራሽፎርድ ኣካል መስመር ምጥቃዑ ገይሩ ክርእዮ ኸሎ፡ ማንቸስተር ዩናይትድ ድማ ኣብቲ 26 ሚልዮን ፓውንድ መፋነዊ ክፍሊት ዝበል ሓሳብ ጸኒዓ ትርከብ፡፡ እዚ ከኣ ንኽልተአን ክለባት ኣብ ስምምዕ ከይበጽሓ ዓንቂጹወን ዘሎ'ዩ፡፡

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንራሽፎርድ ብቀዋምነት ንምፍናው፡ ባርሳ ድማ ብልቓሕ ወይ ክፍሊት ብዘጉደለ መንገዲ ምውናን ኣብ ዝበል ክርክር ተጸሚደን ብምህላወን ከኣ፡ መጻኢ ራሽፎርድ ድንግርግር ከም ዝበል ገይሩዎ ይርከብ፡፡

ባርሳ፡ ቅድሚ ናይ ሓደሽ ዓመት ስፖርት ምድላዋት ምጅማሩ ምስ ማን.ዩናይትድ ኣብ ናይ መውዳእታ ስምምዕ ክትበጽሕ ዝርርብ ክትቕጽል ምዃና'ያ ትሕብር፡፡ ኣብ መሳርዓ ቦታ ከም ዘይብሉ እትኣምር ማን.ዩናይትድ ድማ ባርሳ ኑቲ ዝኣተወኦ ውዕል ምስ ዘይትፍጽም፡ ንራሽፎርድ ኣብ ዕዳጋ ከም እተውርዶ ትገልጽ፡፡

## ዜና ብሓጺሩ



• ማክቶሚናይ፡ ኣብ 20 ፓውንድ ስኮትላንድ

ባንክ ስኮትላንድ፡ ምስሊ ናይታ ስኮት ማክቶሚናይ 'ስቲለ' (ባይስክል ኪክ) ኣብ ልዕሊ ዴንማርክ ዘመዝገባ ሸቶ ዝሓዘት ናይ 20 ፓውንድ ባጤራ ዘርጊሑ፡፡

ባንክ ስኮትላንድ፡ ሃገራዊት ጋንታ ስኮትላንድ ድሕሪ 28 ዓመት ናብ ዋንጫ ዓለም ብምምላሳ'ዩ፡ ነዛ ፍልይቲ ሕታም ክዘርግሓ ወሲኑ፡፡ እዛ ሓዳስ ባጤራ ባህላዊ ምስልታት ናይ ባጤራ ስኮትላንድ ምስ ምስሊ ናይ ማክቶሚናይ ብምውህሃድ'ያ ተዳልያ፡፡

ስኮትላንድ፡ ኣብቲ ካብ 11 ሰነ ክሳዕ 19 ሓምለ ዝቐደድ ዋንጫ ዓለም፡ ምስ ሀይቲ፡ ሞሮኮ፡ ብራዚል ክትገጥም'ያ፡፡

• ኣልፎንሶ ደይቪስ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ካናዳ ጀሲ ማርሽ፡ ኣብ መስመር ምክልኻል ባየር ሙኒክን ካናዳን ዝጻወት ኣልፎንሶ ደይቪስ፡ ዋላ ኣብ መጉዳእቲ ይሃሉ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም ክሳተፍ'ዩ ኢሉ፡፡ ማርሽ፡ ብዛዕባቲ ንኽጅመር ሒደት መዓልታት ተሪፉዎ ዘሎ ዋንጫ ዓለም ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ኣብ መጉዳእቲ ዝርከብ ሓለቓ ጋንታ ሃገራዊት ጋንታ ካናዳ ሃገሩ ኣንጻር ቦዝንያ ሄርዞጎቪንያ እተካይዶ ናይ መኽፈቲ ጸወታ ከም ዘየርክብ ሓቢሩ፡፡ ንሕክምናን ተሃድሶን ኣብ ጀርመን ዝርከብ ኣልፎንሶ ደይቪስ፡ ሃገሩ ቅድሚ ዋንጫ ዓለም ምስ ኡዝበኪስታንን ኣየርላንድን ኣብ እተካይዶ ናይ ምሕዝነት ጸወታ'ውን ኣይክሳተፍን'ዩ፡፡ ኣልፎንሶ ደይቪስ ንካናዳ ኣብ 58 ግጥማት ሓለቓ ጋንታ ኩይኑ ክመርሓ እንከሎ፡ ብስሙ ድማ 15 ሸቶታት ኣቕጺሩላ ይርከብ፡፡

• ሊቨርፑል፡ ሳላሕ ንምትካእ ምንቅስቓስ ጀሚራ

ሊቨርፑል፡ ኑቲ ናይ ትሽዓተ ዓመት ጻንሒቱ ዛዚሙ ዝተፋነዎ መሓመድ ሳላሕ ንምትካእ ምንቅስቓስ ከም ዝጀመረት ኣፍሊጡ፡፡ ሊቨርፑል፡ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ'ኳ ሓጺያ እንተላ፡ ናይ ኣርቢ ለፕዚግ ተጻዋታይ ኣይቮሪኮስታዊ ያን ደየማንደ ግን ኣብ ቅድሚት ተሰሪዑ ይርከብ፡፡ ክለቡ ብጉዳኣ ዚ ወዲ 19 ዓመት ተጻዋታይ 86 ሚልዮን ፓውንድ መሸጢ መዲባትሉ ትርከብ፡፡ ሊቨርፑል፡ ብዘይካ ደየማንደ፡ ንናይ ኒውካስል ኣንቶኒ ጎርደንን ናይ ፒኤስጂ ብርድለይ ባርኮላን ኣብቲ ዝርዝር የእትያቶም ትርከብ፡፡ ጎርደን፡ ብየርር መኒክ ይደለ ብምህላዉ ግን፡ ሓያል ውድድር ክመጽእ ትጸቢት ይግበር፡፡

መሓመድ ሳላሕ፡ ብስሙ 255 ሸቶታት ብምምዝጋብ ሳልሳይ ዝልዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ሊቨርፑል ክኸውን እንከሎ፡ ሊቨርፑል ክልተ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ሓዊሱ ብርክት ዝበላ ዋንጫ ክተልዕል ልዑል ግደ ተጻዊቱ'ዩ፡፡

### መደብ ጸወታ

**ናይ ፍጻመ ጸወታ ኮንፈረንስ ሊግ**

**ክሪስታል ፓላስ - ራዮ ቫልካኖ**

10፡00 ድ.ቐ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኸለ

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ሓድሽ መጥቃዕቲ ፈጺማ

ሰራዊት ኣመሪካ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ኢራን ሓድሽ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ነቐጣታት መወንጨፊ ሚሳይላትን ኣብ መዓሙቕ ባሕሪ ነተገቲ ኣብ ምጽዋድ ዝጥፉ ጃላቡን ኢራን ዒላማ ከም ዝገበረ ድማ ገሊጹ።

ማእከላይ እዚ. ኣመሪካ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "እቲ መጥቃዕቲ፡ ንርእሰ ምክልኻልን፡ ወተሃደራትና ካብ ሓይልታት ኢራን ክፍጠሮም ንዝኽእል መጥቃዕትታት ከሎ ገና ንምፍሻልን ተባሂሉ ዝተፈጸመ እዩ" ኢሉ።

ኣፈኛ ማእከላይ እዚ. ኣመሪካ ካፕቴን ቲም ሃውኪንስ፡ "እቲ ግጭት ከይጋደድ ኢና ንጽዕር ዘለና" ክብል ሓቢሩ።

ካፕቴን ሃውኪንስ፡ እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ጥቓ ጥንዳር ዓባስ ዝተበሃለት ኣገዳሲት ወደባዊት ከተማ ኢራን ከም ዝተፈጸመ'ውን ኣመልኪቱ።

ብመሰረት ጸብጻብ ጋዜጣ ኒውዮርክ ታይምስ፡ እታ ወደባዊት ከተማ፡ መደበር ናይቲ ኣብ መጽበቦ ሆርሙዝ ዝርከብ ሓይሊ ባሕሪ ኢራን እያ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን




ኢስማዒል ባቃይ፡ ምስ ኣመሪካ ዝቐጸሉ ዘለዉ ዝርርባት ዝተወሰኑ ምዕባለ ከም ዘርኣዩ ድሕሪ ምሕባር፡ ነቲ ኩናት ደው ክበል ኣብ ዝኽእል ስምምዕ ንምብጻሕ ግና እቲ ግዜ ቀረባ ኣይኮነን" ክብል ድሕሪ ምግላጹ እዩ እቲ መጥቃዕቲ ተፈጺሙ።

ኢራን፡ ነቲ ካብ ኣመሪካ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ክሳብ ሕጂ ምላሽ ኣይሃበትሉን ዘላ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ'ቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ዝቐጸለ ዘሎ ዘተ ሰላም እንታይ ጽልዋ ከም ዝህልዎ ገና ንጹር ኣይኮነን ዘሎ።

## ሊባኖስ - ብደብዳብ እስራኤል ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ሊባኖስ ብዝተፈጸመ ደብዳብ ኣየር እስራኤል ብውሑዱ 11 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ 15 ካልኦት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ ኣፍሊጡ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ድማ፡ እቲ ማዕቢላዊ ክብል ዝገለጾ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ጎልጎል በቃዕን ኣብ መላእ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስን ንዝርከቡ ልዕሊ 100 ትሕተ ቅርጺ ሕዝቦላህ ዒላማ ዝገበረ ምንባሩ ሓቢሩ።

እዚ መጥቃዕቲ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ ኣብ መላእ ሊባኖስ ኣንጻር ሕዝቦላህ ዝሓያለ መጥቃዕቲ ክቕጸል ፍቓድ ከም ዝሃበ ድሕሪ ምግላጹ ዝተፈጸመ ኮይኑ፡ እዚ ድማ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ተግባራዊ ዝኾነ ብመንጎኛነት ኣመሪካ ዝተበጽሐ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ኣብ ሓደጋ ኣውዲቑዎ ከም ዘሎ ተዓዘብቲ ኣመልኪቶም።

ድሕሪ'ቲ መጥቃዕቲ ሓያሎ ሰባት ደሆም ጠፊኡ ብምህላዉ፡ ተዋሂቡ ዘሎ ቀጽሪ ምውታት ክዓሊ ከም ዝኽእል ስግኣት ከም ዘሎ፡ ወኪል ኣልጀዚራ ኣብ'ቲ ዞባ ጸብጺቡ።

ብመሰረት'ቲ ጸብጻብ፡ እቲ መጥቃዕቲ ከም ኣካል ናይ'ቲ እስራኤል ኣንጻር ሕዝቦላህ እተካይዶ ዘላ ናይ ጸቕጢ ወፍሪ እዩ ዝርአ።

ብተወሳኺ፡ ሰራዊት እስራኤል፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ - ከተማ ናባቲሕ ንዝርከቡ ነበርቲ ብቕልጡፍ ካብ ኣባይቶም ክግዕዙ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ኣሎ።

"ንድሕነትኩም ክትብሉ ብህጹጽ ካብ ኣባይትኹም ወጺእኩም፡ ካብ ሩባ ዛህራኒ ንሰሜን ክትግዕዙ ኣለኩም፡ ኣብ ጥቓ ኣባላት ወይ ወተሃደራዊ መሳለጥያታት ሕዝቦላህ ዝጸንሐ ዝኾነ ሰብ ህይወቱ ኣብ ሓደጋ ክእቶ እዩ" ክብል ድማ መጠንቀቕታ ኣመሓላሊፉ ኣሎ።

ሊባኖስ፡ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ኩናት ድሕሪ ምጅማሮም፡ ብ2 መጋቢት ብምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ኣቢላ ናብ'ቲ ኩናት ከም ዝተጸንበረት ይፍለጥ።

ሕዝቦላህ፡ ናይ'ቲ ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ ናይቲ ኩናት ማለት ብ28 ለካቲት ዝተቐትለ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ ኢራን ኣያቶላህ ዓሊ ኻመኒ፡ ከም'ኡ'ውን እስራኤል ነቲ ኣብ ሕዳር 2024 ምስ ሊባኖስ ዝኣተወቶ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ዳርጋ መዓልታዊ ክትጥሕሶ ብምጽናሓ፡ ሕነ ንምፍዳይ ክብል ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ እስራኤል ክፍጽም ምጽንሑ እዩ ዝሕበር።



## ኣመሪካ፡ ምስ ሰለስተ መሓዙታ ቍጠባዊ ውዕላት ከቲማ

ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያ፡ ህንዲን ጃፓንን ብሓባር ኣብ ፈጺ ወደብ ክሃንጹ ከምኡ'ውን ኣብ ኣገደስቲ ማዕድናትን ውሑስነት ጸዓትን ኣመልኪተን ሓድሽ ውዕላት ከም ዝኸተማ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ መንጎ ላዕለዎት ዲፕሎማሰኛታት (ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ) ናይተን ሃገራት ዝተኻየደ ሓጺር ርክብ፡ ድሕሪ ማእከረም 2024 ንኻልኣይ ግዜኡ ዝቐየድ ዘሎ ርክብ ምዃኑ'ውን ንምፍላጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ፡ "ኣብ መዳያት ትሕተ ቅርጺ ወደባት ሽርክነት ክንፈጥር ኢና፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ደሴታት ፓስፊክ ዝሎ ዘይእኽል ዓቕሚ ወደባት ንምዕባይ ምስ ፈጺ ክንሰርሕ መደብ ከም ዘለና ክፍልጥ ኣለና" ኢሉ።

ማርኮ ሩብዮ ቀጺሉ፡ "ሓቀኛ ዓወታት ከርኢ ጀሚርና ኣለና" ድሕሪ ምባል፡ "እዚ ሽርክነት'ዚ፡ ንዓለምለኻዊ ስትራተጂ ኣመሪካ እምነ ኩርናዕ ብምዃኑ ብዝተወፋይነት ክንሰርሓሉ ኢና" ኢሉ።

እዚ ንኣርባዕተ ሃገራት ዝሓቘፈ ጉጅለ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲን ብጉዳይ ቀረጽን ካልእን ወጥሪ ተፈጢሩ ብምንባሩ፡ ብኡ ምኽንያት ዋዕላ መራሕቲ ክቕየድ ከም ዘይከኣለ ይዝከር።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ጉጅለ ኣብ ድሕነት ጸዓትን ወሰንቲ ማዕድናትን ኢንዶ-ፓስፊክን እውን ሓድሽ ተበግሶ ንምጅማር ከም ዝተሰማምዑ ኣፍሊጦ'ሎ።



## ቻይናን ፓኪስታንን፡ ሽርክነተን ከደልድላ ተረዳዲአን

ቻይናን ፓኪስታንን፡ ስትራተጂያዊ ዝምድናአን ንምዕማቕን ሓባራዊ ቁጠባዊ ኮሪደር ንምድልዳልን ኣብ ዘኽእለን ስምምዕ ከም ዝበጽሓ፡ ክልተአን ሃገራት ኣብ ዘውጽኣኦ ሓባራዊ መግለጺ ሓቢረን።

እዚ መግለጺ'ዚ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ሸህባዝ ሸሪፍ ኣብ ቻይና ክካይዶ ዝቐጸለ ዑደት ኣብ ዝዛዘመሉ እዋን ዝወጸ ኮይኑ፡ ፓኪስታን ምስ ኣፍጋኒስታን ዘለዋ ወጥሪ ንምህዳእን ኩናት ኣመሪካን ኢራንን ድማ ብሸምግልና ንምዕራፍን ሓገዝ ቻይና ትደሊ ከም ዘላ ይሕበር።

ክልተኦም ወገናት፡ ነቲ ኣብ ትሕቲ 'ተበግሶ ቅናትን መንገድን' ቻይና ዝስላሰል ዘሎ ፕሮጀክት ቁጠባዊ ኮሪደር ቻይናን ፓኪስታንን ንቕድሚት ንምስጓም፡ 1300 ኪ.ሜ ንውሓት ዝለዎ መንገዲ ካራኮራም ንምምሕያሽን ወደብ ግዋዳር ናይ ፓኪስታን ንምምዕባልን ከም ዝተሰማምዑ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ሸህባዝ ኣብ ቤጂንግ ምስ ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂን ፒንግን ቀዳማይ ሚኒስተር ቻይናን ሊ ኪያንግን ድሕሪ ምርኻቡ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ መንግስቲ ፓኪስታን ድሕነትን ጸጥታን ቻይናውያን ሰራሕተኛታት ኣብ ሃገሩ ንምርግጋጽ ቃል ከም ዝኣተወ ተሓቢሩ።

እቲ መንግስቲ ዝ. መረጋጸ.'ዚ ዝሁብ ዘሎ፡ ኣብ ፓኪስታን ዝመደበሮም ሸበራውያን ጉጅለታት ኣብ ልዕሊ ዜጋታትን ፕሮጀክትታትን ቻይና ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ክፍጽሙ ድሕሪ ምጽንሖም እዩ።



ቻይና፡ ፓኪስታን ምስ ኣፍጋኒስታን እተካይዶ ዝርርብ ሰላም ንምሕያል እትገብሮ ዘላ ጻዕሪ'ውን ዝምእስ ምዃኑ፡ መንግስቲ ፓኪስታን ክገልጽ ምጽንሑ ኣይርሳዕን።

